ህዝባዊ ሰውራዊ ግንባር ኤርትራ الجبهه الشعبية الثورية الارترية
Eritrean People's Revolutionary Front

**ቤ/ጽ፡ ማእከላይ ሰዉራዊ ሽማግሌ**
**مكتب اللجنة الثورية المركزية.**
**Central Revolutionary Committee's Bureau**

**ቁ፡ መውከሲ ሰነድ EPRF DO 16/006/6-2**
**ኤርትራ፡ 27-30 መስከረም 2006 ዓ.ም.ፈ**

## ደምዳሚ ፖሎቲካዊ መግለጺ ሻዉዓይ (7ይ) ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ሰዉራዊ ሽማግሌ ህ.ሰ.ግ.ኤ.።

ማእከላይ ሰዉራዊ ሽማግሌ ከም መቐጸልታ እቲ ብዕለት 27 የካቲት 2006 ዓ.ም.ፈ.ዘካየዶ ስሩዕ ኣኼብኡ፡ ሎሚ ድማ ከም ዘዉትር 7ይ ኣኼብኡ ኣካይዱ። ማ.ሰ.ሽ ዝዘተየሎም ዛዕባታት ብቅድመ ተከተል እዞም ዝስዕቡ።

1. ዉድባዊ ሃለዋት፡ ንጥፈታቱ፡ ምዕብልናታቱን መጽእያዊ ቃልስታቱ።
2. ዉሽጣዊ ኩነታት ሃገርናን፡ ኩነታት ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ።
3. ሃለዋት ህዝባዊ ሓድነታዊ ቃልስን ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳቱን።
4. ከባብያዊ ኩነታት ቀርኒ-ኣፍሪቃ።
5. ዋሕዚ ስደት ዜጋታት ካብ ኤርትራ ንወጻኢ ።
6. ኩነታት ዶብን ልዕላዉነት ኤርትራን እየን።

## ዉድባዊ ሃለዋት፡ ንጥፈታቱ፡ ምዕብልናታቱን መጽእያዊ ቃልስታቱ።

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ንዉድባዊ ሃለዋቱ ንጥፈታቱ ምዕብልናታቱ መጽእያዊ ቃልስታቱ ክግምግም እንከሎ፡ ከም ሓደ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃስ ኣሃዱ፡ ዉጽኢት ናይ ኤርትራዊ ፖሎቲካዊ ድሕረ-ባይታ እኳ እንተኾነ ጎናዉን ባዕላዉን ናብ ዝኾነ ፖሎቲካዊ ገምጋም ካይወድቅ ተባሂሉ፡ ንቑለታቱ ካብ ባህግታትን ጸገማት ህዝብና ዝነቀለን፡ ንኡኡ ንምፍታሕን ዝሃቀነ እካ እንተኾነ፡ ካብ ትጽቢታት ህዝብና ነጺሉ ከም ሓደ ፖሎቲካዊ ኣሃዱ ክግምግሞ መሪጹ። ምክንያቱ ህ.ሰ.ግ.ኤ ዛጊት ንትጽቢታት ህዝቢ ኤርትራ ክምልስ ብዘይ ምብቕዕ ዘንቀሎ ኩዉንነት እዩ። ህ.ሰ.ግ.ኤ ካብ ቅድሚ ዓሚ ዓሚ፡ ካብ ዓሚ ሎሚ ዓመት ዝሓሸ እኳ እንተኾነ ኣብ ዉድባዊ ዕብየቱን ንጥፈታቱን፡ ንንጥፈታቱን ኣድማዕነቱን ብጊዝየ ስለዝዕቑኖ፡ ኣብ ዉሽጢ ሽዱሽተ ዓመታቱ መመላእታ ዕድሚኡ ክገብሮ ዝግብኦ ከምዘይገበረ ቡዙሕ ዘዛርብ ኣይኮነን ንህዝቢ ድማ ብግሉጽ ክገልጽ ስነ-ምግባራዊ ጉቡኣት ስለ ዝኾነ ይገልጽ ኣሎ። ህ.ሰ.ግ.ኤ ነዚ ዘሳላስሎ ዘሎ ፖሎቲካዉን-ማሕበራዉን ሰዉራ ብኣድማዒ ንከይስግሙ ዝዓናቕፍዎ መሰረታዉያን ሮቛሒታት ኣለዎ። ንሳቶም ድማ ኩነታትን ጽኑዕ ጸጥታዊ ምቁጽጻራት ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ልዕሌናን ልዕሊ ህዝብናን፡ ዉሽጣዉን ግዳማዉን ፖሎቲካዊ፡ ቁጠባዊን ወትሃደራዉን ኩነታት፡ ኩነታት ልዕላዉነት ኤርትራ፡ ኣንጻርና ርኡይ ተጻቡኦታት ብካልኦት ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ምንቅስቃሳትን፡ ኣባላት ዉድብ ካብ ኤርትራ ወጻኢን ዉሽጥን ዘለዉ ዉድባዊ ጉቧኣቶም ብጉቡኡ ከማልኡ ዘይምብቃዕ፡ ልዕሊ ኩሉ ግን ሕጽረታት ሙሉእ ተሳትፎ ህዝቢ ምህላዉ እዩ። ሙሉእ ተሳትፎ ህዝቢ እንተዝነብርን ነቶም ካልኦት ዝተሮቕሑ ሮቛሒታት ክትሰግሮም ኣጸጋሚ ኣይምስኮነን ዝብል ገምጋምን መርገጽን ኣለና። ንሓደ ማሕበራዉን ፖሎቲካዉን ሰዉራ መንቀሊ ዝኾኑ ሰለስተ መሰረታዉያን ክዉንነታት እየን።

1. ሓደ ሕብረተሰብን ማሕበራዊ ስልጣኔኡ ኣብ ሰንጣቂት ቀራና መገዲ ምስ ዝህሉ።
2. ብኹረት ግዝኣተ ሕግን ኢሰብኣዊ ኣጋባብ ኣታሓሕዛ ሕብረተሰብ ምስዝዝዉተር፡
3. ሕብረተሰብ መባእታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ተመንዚዑ ኣብ ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ባህላዊ ሂወቱ ባዕሉ ንክዉስን ምስዝኽልከል ንጡፍ ተሳትፎ ምስ ዘይህልዎን ፍርያቱ

ንዉሕዳት ገዛእቲ ምስዝዉዕል፡ ግርጭታት ኣብ መንጎ እቶም ገዛእትን ተገዛእትን፡ ኣብ መንጎ ስልጣኔን ዓጋቲኡን ይፋሖፋሕ እሞ እቲ ሰዉራ ይባራዕ።

ኣብ ገለ ሃገራት ወይ ሕብረተሰባት እቲ ባዕላዉን ዉድዓዉን ኩነታትን በሲሉ ከንሱ፡ ኑቲ ኩዉንነት ዝሓላልኹን ዘዳናግዩን ሮኟሒታት ይገጥሙ እዮም። ንኣብነት ንኤርትራዉያን ገጢምና ዘሎ ክንድህስስ ኢና። ሩጉጽ እዩ ህዝብና ኣዝዩ ዓሚቕን ርሒብን ትጽቢታት እኳ እንተሃለዎ፡ ብዝተነዉሔ ሰንሰላታዊ መግዛእትን ናይ ሳላሳ ዓመታት ብረታዊ ቃልስን ንዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመታት መመላእታ ብምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ስለተጭፍጨፈ ምድኻማት ኣብ ኩሉእንትናዊ ሂወቱን ንጥፈታቱ ኣዝዩ ዓሚቅ ቁጠባዊ ድኽነት ኣለዎ። ሓያል ተቃዉሞኸኣ ካብ ኣዝዩ ሓያል ማሕበራዊ ጸጋታት (Resources) ዘለዎ ሕብረተሰብ ጥራይ እዩ ክፍጠር፡ ከዓቢ፡ ክዕወት ዝኽእል። ሓያል ማሕበራዊ ጸጋታት ድማ ካብ ሓያል ንያት፡ ሓያል ቁጠባ፡ ሓያል ትሕተቅርጻ፡ ሓያልን ሱቡሕን ማእከላይ ደርቢ፡ ሓያል ገባራዊ ማሕበራዊ ስርርዕን፡ ሓያል ሓድነት ይፍጠር። ማሕበራዊ ን ፖሎቲካዉን ዘገምታዊ ስልጣኔ ናቱ ሕግታት ስለዘለዎን ፈትዩ ጸሊኡ እቲ ሕብረተሰብ ብኡኡ ስለዝቅየድ እቲ ማሕበራዊ ን ፖሎቲካዉን ሰዉራ ቀጻሊ ኣብ መስርሕ ኪደት እዩ፡ ምስ ምሕያልን ምድካምን እቲ ሕብረተሰብ ድማ ሕኑን ወይ ድማ ዘገም እንዳበለ ዝኸይድ ክኸዉን ይኽእል እንበር ብመሰረቱ መስርሕ ሰዉራ ብባህሪኡ ዘቃርጽ ማሕበራዊ ኩዉንነትን መስርሕን ኣይኮነን። ህዝብና ባህርያዊ ስልጣኔ ማሕበራዊን ፖሎቲካዉን ስልጣኔን ብዝገዝኦ ትጽቢታቱ ጋህዲ ንምግባር እዉን ዋጋታት ይኸፍለሉ እኳ እንተሃለወ፡ ነዚ ብተናጸል ዝኽፈል ዘሎ ዋጋታት ጠርኒፍካ ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ክዉዕልን፡ ጥርኑፉን ኣድማዕን ተሳትፎ ህዝቢ ክራጋገጽ ዘይሕለል ቃልሲ ምክያድ ከድሊ ምኻኑ ተገንዚብና።

ነዚ ዕማማት እዚ ንምክያድ ቡሉጽ ስትራተጅን ስልትን፡ ቡሉጻት ክዋድራት፡ ልዑል ነገራዊ ፋይናንሳዊን ግዜያዊ ሃልክታት ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተ ዉድባዊ ቅርጻ ክምዕብል ከምዘድልዉን ካብ ተሞክሮናን ዘሕለፍናዮ ቃልስታትን ኣለሊናዮ ኣለና። ትጽቢታትን ሽግራትን ህዝብና መዝሚዝና ጣቓን ርትዕን ዝጎደሎ ዘይሓላፍነታዊ ገምጋማት ተዓዊትና ዶ ሓይልናዶ ክንብል ኣይንደልን። ምክንያቱ ሽግራትና እንተገሊጽና ኢና መፍቲሕታቱ ካብ ህዝብና ክንረክብ ንኽእል ዝብል ጽኑዕ እምንቶ ኣለና። ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ኣብ መዛዘሚ እዚ ንኡስ ዛዕባ ክንዛዝም እንከሎ ከምዚ ንብል ፡ ዋላ እኳ ከምቲ ዝድለ ኣብ ሕሉፍ ቃልስታቱ ዉድብና ዕማማቱ እንተዘያሳላሰለ፡ ብዓቢ ንያትን ትብዓትን ግቡኣትና ንምፍጻም ክንሰርሕን ክንቃለስ ምኻና ወሲና። ብንጹር ቃልስና ንምርግጋጽ መድረኻዊ እዩ። መድረኻዊ ክንብል ኮለና እንታይ ማለትኩም እዩ ዝብል ሕቶ ክልዓል ይኽእል እዩ። መድረኻዊ ክንብል ኮለና ኤርትራ ንግዝኣተ ሕጊ ትሳጋገረሉ ባይታ ንምፍጣር ወይ ብካልእ ኣዛራርባ ንምንጻሩ ህ.ሰ.ግ.ኤ ዕላማ ቃልሱ ናይ ፖሎቲካዊ ስልጣን ሃጋፋት ንክመልእ ዘይኮነ፡ ብዝላዓለ ደረጃ ወሳኒ ተራ ተሳትፎን ዉሳኔን ህዝቢ ንምርግጋጽ እዩ። ቀጺሉ ዝመጽእ ኩነታት እቲ ኩዉንነት ዝምልሶ ድኣ እንበር ህ.ሰ.ግ.ኤ ዝምልሶ ሕቶ ኣይኮነን ማለትና እዩ።

እዚ ዉሳኔ እዚ ክንዉስን እንከሎ፡ ክንገብሮ ዝግብኣና ምምዕርራያት ከምዘሎ እዉን ፈሊጥናንን ተገንዚብና ብምህላዉና ድሕሪ ምትንባህና ኩነታትና ብዝገዝኣና ሙርኩስ ብምግባር ከነካይዶ ቃል ንኣቱ። ኣብ መዛዘሚና ድማ ንኩሉኹም ኤርትራዉያን ዜጋታት ብዘይ ኣፋላላይ ተሳትፎኹምን ሓገዛትኩምን ኣይፈለየና ብምባል ብትሕትና ንጽዉዕ ኣሎ።

<u>ዉሽጣዊ ኩነታት ሃገርናን፡ ኩነታት ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ።</u>

ኣብ ዉሽጣዊ ኩነታት ሃገርናን፡ ኩነታት ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ትንተናታትናን ገምጋማትናን፡ ምስ ገለ ኤርትራዉያን ዜጋታት ክንሳማማዕ ወይ ክንፋላሌ ከምንኽእል ንፈልጥ እኮ እንተኾና፡ ካብ ሕልሚ ፈሪህኻ ካይደቀስካ ስለዘይሕደር፡ ገምጋማታትና ብቅርጥዉ ዝበለ ኣሕጽሮተ ሓሳብ ክንገልጽ ግድነታዊ እዩ። ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ቃለ-ኣጋኑኖ፡ ቃለ-ዓለም፡ ጎናዊን ከፊላዉን፡ ብስሚዕታት ዝተንጀርበቡ ገምጋማት ከንሂ ዝገዝኦ ሕልናናን ባህግታትን ስለ ዘይብሉ ብዉድዓዉን መርትዓዉን መኤቀኒታት ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

<u>ሀ. ዉሽጣዊ ኩነታት ሃገርና፡</u>

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ንዉሽጣዊ ኩነታትና ክዕዘብን ክግምግምን እንኮሎ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ህዝባዊ ሂወትናን ሂወት እታ ሃገርን እዩ ተመልኪቱ። ኣብ ኩሉ መዳያት ድማ ቅማሶ መጽናዕት ዘካየደሉ እዩ።

1. ኣብ ፖሎቲካዊ መዳይ፡ ዜጋታት ፖሎቲካዊ ናጽነትን ሓርነትን ንከይህልዎም ሕሩማት እዮም። ዜጋ ብዘይ ገለ ምኽንያት ብጥርጠራ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ብሕድሪ ይሙቑሕ፡ ይቅጥቀጥ.........ወ.ዘ.ተ.። ኣድማሳዊ ሰብኣዊ መሰላት ኩቡራት ኣይኮኑን። ዝምድና ግቡእን መሰልን ዜጋታት ኣብ ኤርትራ ንጹራት ኣይኮኑን። ህዝቢ ኣብ ፖሎቲካዊ ጉዳዩ ንከይሳተፍ ን ስርዓቱ ንክቅይር ኩልኩል እዩ።

2. ኣብ ቁጠባዊ መዳይ፡ ዜጋታ ቁጠባዊ ናጽነትን ሓርነትን የብሎምን፡ ቁጠባዊ ሂወት ወፍርታት ዕዳጋታት በቲ ምልካዊ ስርዓት 83% ዝተባሕተ ኮይኑ፡ ዜጋታት ኣብትሕቲ ፍጹም ምዝመዛ 100% እቲ ስርዓት ጽላታት ዝተማቃሩሑ እዮም። ቁጠባዊ ዓቅምታት ህዝብና ባይታ ዘቢጡ እዩ። ቁጠባዊ ሃሚ ገጢሙ ኣሎ፡ ቁጠባዊ ብልሽዉናታት ንዝላዓለ ጥርዙ ዘንቃዕረረ እዩ። ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንኩሉ መዳያት ቁጠባ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሩ ስለ ዝገበቶ፡ ነቲ ቀንዲ ዓንዲ ሕቆ ናይ ሓንቲ ሃገር ቁጠባ ዝኮነ ማእከላይ ደርቢ ሕቄእን ብርኩን ሰይርዎ። ምስ ምሳሴ እዚ ደርቢ'ዚ ቁጠባ መንግስቲ፡ ህዝቢ ን ሃገርን ተመሲሱ ኣሎ።

3. ኣብ ማሕበራዊ መዳይ፡ ብስንኪ እቲ ሕማቅ ማሕበራዊ ሜላታት እዚ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዘዘዉትሮ ዜጋታት ኣብ ማሕበራዊ ሂወቶም ሰፍ ዘይብል ጸገማት ገጢምዎም ኣሎ። ንሱ ድማ ክምርያን ክወልድን ዝግብእ ኣብ ድላዩ ዕድመን ግዚየን ክገብሮ ኣይክእልን ኣሎ። ብሰንክ ኩናትን ባህርን ዝፈጥሮ ዘሎ መጠነ ሞት መጠነ-ዝኽትምና እናልዓለ ይኸይድ ኣሎ። ስንክልና ዕብየት ነፍስኻ ዘይምኽኣል ኣሎ። ሽቅለተ ኣልቦነት ስለዘሎ ኣመንዝራታትን ለመንትን ተናበይቲ ጎደና እንዳበዝሑ ይኸድ ኣለዉ። ምርግጋኣትን ምድልዳል ስድራቤት ፍሕሱኡ እንዳማህመነ ይኸይድ ኣሎ። ብኣጣቃላሊ እቲ ማሕበራዊ ሂወት ሕብረተሰብና ኣብ ቀራና ሓደጋ ይርከብ ኣሎ።ኣብ ዉሽጥ ኤርትራ ስራሕ፡ ሰላምን ፍትሕን ስለዝሃጎገ እቲ ኩሉ ቀንዲ ኣፍራይ ሓይሊ መንእሰይ፡ እቲ ቀንዲ ሳዑን ገንዘብ መንግስቲ መላኢ ነጋዳይ፡ እቲ ቀንዲ ቀረጽ ከፋሊ ገባራይ፡ ትምኒቱን ጽንጽናቱን ገለ መገዲ እንተረኺቡ ንወጻኢ ክስደድ ጥራይ እዩ ለይት ምስ መዓልቲ ዝሓልም።

4. ኣብ ባህላዊን ስፖርትን ኣትለቲክስ መዳይ፡ ኩሉና ከምንፈልጦ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብባህላዊ ብዙሕነቱ ዝልለ ህዝቢ እዩ፡ መልክዕን ግርማን እቲ ሕብረተሰብ እዉን ንሱ እዩ፡ ኣብ ክንዲ ንነፍስወከፍ ፍሉይ ባህሊ ዘለዋ ኢትኒክ ጉጅለ ንባህላዊ ትንሳኤ ክትቃለስ ምትብባዕ፡ ብናይ ካልኦት ክትጽሎ ምግባርን፡ ነቶም ካልኦት ድማ ብባህሊ ካልኦት ከም ዝጽለዉ ምግባር በቲ መካኒዝም ባህላዊ ወፍሪታት እቲ ስርዓት ስለዘካየድ፡ ባህላዊ ምዕባሌኣዊ ኩልፈታት ኣሎ። ኣብ ስፖርት ቅድድም ብሽግለታ፡ ጉያ-እግሪ፡ ኩዕሶ-እግሪ ብጻዕርታት ዉልቀ ዜጋታት ኣብ ኤርትራ ትንሳኤታት ኣሎ። ብዉልቀ-ዜጋታት እዉን ምህዞታት ንዋት-ፍርያት ኣገልግሎት ይርኤ ኣሎ።

5. ዉሽጣዊ ማሕበራዊ ዝምድናታት፡ ሃብታምን ድልዱሉን ማሕበራዊ ጸጋታትን ዝምድናታትን ሓደ ሕብረተሰብ ወሳኒ ግደ ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ መንነት እዩ ዘለዎ። እዚ ብዘይ ሕግን ርትዕን ዝገዝእ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ብባህሪኡ ሓድነት ህዝቢ፡ መንነት ህዝቢ ሓድሕዳዊ ምትእምማን ክፈጥር ዘታባብዕ ኤርትራዊ መንነት ስነምግባር ክፈጥር ዘይክእል ስለዝኾነ፡ ከም ሳዕቤኑ እተን ኩለን ንኤርትራ ዘቑማ ማሕበራዊ ሓይልታት ብዉሽጠን እንዳተባፃታተኻ ይኸዳ ኣለዋ። እቲ ክጉብዝን ጎርፋዕፋዕ ክብል ዝግብኦ ናይ ሓባር ኤርትራዊ መንነት ማሕበራዊ ፍሕሶታት እንዳተባፃታተኸ፡ ሃለዋቱ ንምርግጋጽ

ገሊኡ ንማይቤቱ፡ ደቂ-ሃይሞነቱ፡ ኣዉራጃኡ፡ እንድኡ፡ ቀቢሉኡ ክዋዳደብ ሃለኽለኽ ይብል ኣሎ። ብኸምዚ ዝኾዶ ዘሎ ኣጋባብ ባይታን ሓደ ሓያል ጋኔን መጣቖሲ ሰብ እንተተረኺቡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ነንሕድሕድ ክባላዕ ከምዝኽእል ርድእ እዩ።

6. ጸጥታዉን ወትሃደራዉን መዳይ፡ ሎሚ ኣብ ኤርትራ መብዛሕትኡ ልዕሊ 17 ዝዕድሚኡ ምትካስ ብረትን ቦምባታትን ዘይፈልጥ የሎን። ቀዳማይ ሞያ ዜጋታት እዉን ዉትህድርና እዩ። ኣብ ዉሽጢ እዚ ዝሓለፈ 12 ዓመታት 20 ዙርያታት ታዕሊም ንዜጋታት ተዋሂቡ ኣስታት 1 ሚልዮን ዝግመቱ ዜጋታት ተዓሊሞም። ሕብረተሰብ ኤርትራ ¼ ናቱ ወትሃደር እዩ ማለት እዩ። ወትሃደራዊ ባህሊ ዘንጻላልዎ ሕብረተሰብ ድማ ዘዉትር ሓደገይናን ንምስግጋር ቬርገሳዊ ፖሎቲካዊ ስርርዕን ሕብረተሰብን ምኻኑ ርድእ እዩ። ጸጥታዊ መዳያት ሕብረተሰብና ርጉኡን ርጥቡን ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፈ ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት ቀንዲ መዓወቲ ሰዉራን ህዝቢ ኤርትራ ምዕቃብ ሃገራዉን ዉልቃዊ ዜጋታት ሚስጥራት እዩ ነይሩ። ሎሚ ግን ዜጋ እቲ ስርዓት ሰላይ ካይቖጸሮ እንኮሎ ዘረባታት ክፍቶ ኢሉ የብጽሕ፡ ወይ ድማ ናይ ወጻኢ ሃገራት ሰለይት፡ ኢንባሲታት ዝደልዮዎ ሓበሬታ ብዘይጠቅም መብጽዓን ገንዘብን ይምጡዉ። ሕሉፍ ሓሊፎም ሰነዳት ሃገር ዝሸጡ ዜጋታት ኣይተሳኡኑናን። ምናልባሽ ገለ ሰባት ነቲ ምልካዊ ስርዓት ንምቅላዕን ዓለባ ትምታ ንምትርባዕ ኢልና ኢና ነቲ ስጉምቲ ወሲድናዮ ክብሉ ከመኽንዩ ይኽእሉ እዮም፡ ብወገና ኣይፋሉን ካብታ ዝሽድካያ ዕርዲ ቁጽሪ ሰራዊት ዓይነት ኣጽዋር ብቕዓት መራሕቲ ሞራል እቲ ሰራዊት..........ወ.ዘ.ተ ብዝርዝር ንወትሃደራዉን ስለያዉን መርመርቲ ወያኔ ምሕባር ከ ነቲ ስርዓት ምቅላዕ ድዩ ወይስ ነቶም ኣሕዋትካ ምሳኻ ብግዲ ተዓስኪሮም ዓሪዶም ስቅያት ዝስሕኑ ዘለዉ ዓቢ ሓርገጽ ዶ ወይ ንእሽተይ ሓርገጽ ክስደደሎም ምፍራድ እዩ ምበልና። ልዕሊ ኩሉ ግን ነቲ ኣይኩናት ኣይሰላም ዘሎ ኩነታት ንክቅጽል ምጽዋት ምብርካት እዩ። ኤርትራ ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቖላ! እንተኮይኑ ድማ ድሓን ኩሉ ጊዝየ ኣለዎ። ስርዓት ኣስመራን ስርዓት ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ምልካዉያንን ጭኮንቲ ምኻኖም መላእ ህዝቢ ኤርትራን ማሕበረሰብ ዓለምን ይፈልጦም እዩ። እዚ ምልካዊ ስርዓት ጸጥትኡ ንምርግጋእ እንተኮይኑ ካብ ዓመታዊ ንሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝስልያ ብ11% ዝያዳ ማለት 18% ናይ ዝህልዎ ገንዘባዊ ዓቅሚ ኣብ ስለያዊ ስርሓትን ኔት ወርክን ዝሃልኽ እዩ። እዚ ሃልክታት'ዚ ንዉሽጣዊ ዘይሙእዙዝነትን (ናዕቢ) ዝገትእ ኣይኮነን። ምድስካል፡ ምእሳር፡ ምስጓግ፡ ህድማ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንጎራባብቲ ሃገራት፡ ምልክታት ፈጓዕጓዕ እቲ ስርዓት የመልክት። ንጸጥትኡ ንምቁጽጻር ኩሉ ዝገብሮ ረብሓዊ ወገናዊ ስለያዊ ሞራላዊን ሓላፋዊ ወፍርን ንጥፈታትን ድማ ናብ ዝያዳ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእን ሕንፍሽፍሽን ቀንዲ መወከሲታት ክኾኑ እዮም። ሩጉጽ እዩ ቀንዲ መሳሪሒ ንዋት ምልካዉያን ንህዝቦም ንምጽቃጥ ዝጥቀምሉ ሚስጢራዊ ኣጋባብ ኣካይዳ እዩ፡ ሚስጢራቶም እዉን ክቅላዕ ኣለዎ፡ የግዳስ ሚስጢር እቲ ሃገርን ሚስጢር እቲ ስርዓትን ፈላሊኻ ክርኤ ክፍተን ኣለዎ።

7. ትምህርታዊ መዳያት፡ ኩሉ ወዲ-ሰብ ከም ዝግንዘቦ ዝኾነ ሕብረተሰብ ቀንዲ ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ስነኪነታዊን ስነፍልጠታዉን ምንጭታት ሰብኣዊ ዓቅሙ ብዓይነትን ዓቀንን ምስዝሃንጽ እዩ።ሓንቲ ኣዝያ ድኻ ኣብ መስርሕ ምምዕባል ምህናጽን ትርከብ ኤርትራ ቀንዲ ቁጠባዉን ባህላዉን ወፍርታታ ኣብ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቅምታታ ክኸዉን ምስተገብኤ የግዳስ ኣይተገብረን። ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንትምህርታዊ ጽላት ዓመታዊ 35% ናይ ባጀተይ እየ ዘዉዕሎ እዩ ዝብል፡ እቲ ሓቂ ግን 7% እዩ። ነቲ እንዳንቖልቆለ ዝኸይድ ዘሎ ንዝላዓለ ደረጃ ተሳተፍቲ ተምሃሮ ድማ ብ45% ልዒሉ ይብል። ዘመነ ግርንቢጥ ማይ ንዓቀብ እንድዩ ፍጹም መዳናገሪ ኣሃዛዊ ጸብጻብ እዩ። ነዚ ዝስዕብ ኣሃዛዊ ጸብጻብ ተዓዘብ እሞ ፍረድዎ። መጠኑ- ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ዚ ዓመት እዚ 4.7 ሚልዮን ይግመት ኣብ 2015 ዓ.ም.ፈ ኣስታት 5.4 ሚልዮን ክበጽሕ ትጽቢታት ይንበረሉ። ካብዚ ህልዉ ጠቅላላ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ 45.5% ኣብ ከባቢ 15 ዕድመ ዝርከብ ክኸዉን እንክሎ፡ 28% ድማ ኣብ ከባቢ 19-35 ዕድመ ዝርከብ እዩ። እቲ ዝተረፈ 26.5% ድማ ኣብ ከባቢ 36-85 ዕድመ ዝርከብ እዩ። 54% ኣካላት

ሕብረተሰብ ኤርትራ ድማ ደቂ-ኣንስትዮ እየን። እቲ መጠነ ዕድመ ኣሃዛዊ ጸብጻብ ህዝቢ ኤርትራ ንትምህርታዊ ወፍሪ ከተካይድ ኣዝዩ ዘታባብዕን ዘገድድን እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኤርትራ መበል 156 ካብ 177 ሃገራት ዓለም ብሰብኣዊ ምዕብልናኣዊ ዓቕማ እያ። ዘይክሓድ ሓቂ እዩ ኣቀዲመን ዘይነበራ ትካላት ላዕለዋይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርትታት (ኮለጃት)፡ ናይ ካልኣይ ደረጃታትን መባእታዉን ኣብያተ ትምህርትታት ተሃኒጸን ኣለዋ። ኣብ ገሊኡ ድማ ኣቀዲመን መምሃሪ ላዕለዋይ ደረጃ ዝነበራ ከም ናይ ከረን ቤ/ት እዉን ዝጽግንን ስኢነን ይዓንዋ ከምዘለዋ ይፍለጥ። ንትምህርቲ ንምምዕባል ምህናጽ ትሕተ ቅርጻዊ ህንጻ ኣገዳሲ እኳ እንተኮነ፡ ምስኡ ክኸይድ ዘለዎ ምስ ትጽቢታትን ባህላዊ ምዕብልናታት መንእሰያት ዝቃዶ ስርዓት ትምህርት፡ ትምህርታዊ ዕጥቅታትን፡ ኪኢላታት ብዝሒ ዓይነትን መማህራን፡ ንጹርን ልዑልን ፋይናንሳዊ ባጀት ከድሊ ኢዩ። እዚ ሕጂ ተኣታትዩ ዝስራሓሉ ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ቴክሳስ (ኣመሪካ) ኣስታት 27 ሚልዮን ዶላር ወጻኢ ዝተገብረሉ፡ ዉጽኢቱ እዉን ዛጊት ዘይምግምጋሙ ሓደገይኛ እዩ፡ ነዚ ካይገምገምካ እንደገና ንህንድን ማለዀያ ስርዓተ ትምህርቲ ምቑማት እንታይ ትደሊ ኣለኻ ዘይምፍላጥ እውን እዩ። ኣብ ዉሽጢ እዚ ዝሓለፈ 15 ዓመታት መጠነ ብዝሒ ማሃይምነት ወይ ከንብብን ክጽሕፍን ዘይክእል ብዝሒ ዜጋታት ን 41.2% ወሪዱ እዩ፡ ብኣንጻሩ ንዝላዓለ ደረጃ ትምህርቲ ስነፍልጠት፡ ስነኪነትን ስነጥበብን ይንኪ ኣሎ። ምኽንያቱ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብኣስገዳድ መዛዘሚ ካልኣይ ደረጃኦም ኣብ ወትሃደራዊ መዓስከር ሳዋን ወትሃደራዊ ታዕሊም ብምስናይ የካይዶ ስለ ዘሎ፡ ኣብቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ መልቀቂ መርመራ ዝሓልፉ 37.7% እዮም። እቶም ዝተረፉ 62.3% ተገዲዶም ወትሃደራት፡ ጸረብቲ ጣዉላ፡ ኣዉቶ መካኒክ፡ ኣዉቶ ኤሌክትሪሻን፡ ኣልሓምቲ ሓጺን፡ ነደቅቲ ……ወ.ዘ.ተ ክኾኑ ይግደዱ ኣለዉ። ዘይክሓድ ሓቂ እዩ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ኩሉ ዜጋ ንዝላዓለ ደረጃ ትምህርት ክኸይድ ኣይክእልን እዩ፡ ብተወሳኺ ዝተፈላለየ ተግባረ- ኢዳዊ ሞያታት ኣገደስቲ ምኻኖም'ን፡ እቲ ዓቕምታትን ተበግሶን ህሉው እንተኾይኑ ግን ክታባባዕን ክድፋኣሉን ምስተገብኤ። ተበግሶታት፡ ባህግታትን ዓቕምታትን ንዝላዓለ ደረጃ ትምህርትመንእሰያት ኤርትራ ኣዝዩ ልዑልን ኣዝዩ በሊሕን ከንሱ ግን ብሰንኪ ኣዕናዊ ፖሊሲታት ትምህርቲ ስርዓተ ህ.ግ.ደ.ፍ ዜጋታት መካኒካዊ ትምህርታዊ ተቃዉሞ የጋጥሞም ኣሎ። ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ንስለዘረባን ምክፋእን ምንቃፍን ኢሉ ዝዛረበሉ ዘሎ ነጥብታት ኣይኮነን፡ ንፈልጥ ኢና ኣብተን ሃብታማትን ሙዕቡላት ሃገራት ንዝላዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዜጋታተን ገንዘብ ከፈሎም ከምዝምሃሩ ወይ ድማ ወለድ ኣልቦ ለቃሕ ተለቂሖም ከምዝካየዱ፡ ነዚ ሓቅታት እዉን ዘንጊዕና ኣይኮናን። የግዳስ ንሳልሳይ ሃገራት ዓለምና ከም ኤርትራ ንምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕሚ ዝስላዕ ዓለምለኻዊ ባጀትን ለቃሕ ገንዘብ ካብ ዓለምለኻዊ ባንክ ዕድላት ስለ ዘሎ፡ ኣዝዮም ኣድማዕቲ መደባትን ዉጥናትን ኣዳሊኻ ክትጥቀመሉ ርጉጽ ተኽሎታት ስለ ዝህሉ ነዚ ዕድላት'ዚ ኣብ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕምታትና ክንጥቀመሉ ኣለና ዝብል ጽዕዱታት ስለዝወነና ኢና። ጎኒ ጎኑ እዉን ናይ ባህልን ትምህርትን ዝምድናታት ምስ ኩለን ሃገራት ዓለምና እንዳመስረትካ፡ ተማሃሮ ኤርትራዉያን ብብዝሒ ማህደረ ትምህርት ዝረኽብሉ ህሞት ክፍጠር ኣለዎ ዝብል እምነት ስለ ዘለና እዩ። ርጉጽ እዩ መብዛሕትኡ 92% ማህደረ ትምህርቲ ንውጻኢ ሃገራት ዝረኸበ ኤርትራዊ ናይ ባችለር፡ ማስተርን ዶክተር ዲግሩ ምስረኸበ ንሃገሩ ከምዘይምለስ፡ እዚ ሳዕቤናት'ዚ ጠንቁ ኣጋባብ ምሕደራ እዚ ምልካዊ ስርዓትን ኩቱር ድኽነትን ዉልቃዉነትን ዘምጾ ጉዳይ እዩ። ክምሃር ምስከደን ዝላዓለ ትምህርቲ ቀሲሙ ምስተመልሰ ቦታ ስርሑ ብካልእ ተተኪኡ ዝጸንሖ እንተኮይኑ ዘምልስ ጉዳይ እዉን የብሉን ክባሃል ምስተኻእለ ነይሩ። ልዕሊ ኹሉ ግን ናይ ኩላተን ሃገራት ኣፍሪቃ ሽግር ስለዝኮነ፡ ክሳብ ሓባራዊ ፍታሕ ዝርከበሉ እቲ ዕድላት ማህደረ ትምህርት ክንፈግ ኣይግባእን እዩ።

8. ክንክን ሓለዋ ጥዕና፡ ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ኣብዚ ንኡስ ዛዕባዚ ኣዝዩ ዓሚቕ ፍልጠት ዘለዎ ኣባል የብሉን፡ ስክፍታታት ፍልጠት ዘንጻላለዎ ካብቲ ብግብሪ ዝርኤ ኢና ገምገማትና ከነስፍር። ኣቀዲምና ግን ኣዝዩ ጹጹይ ፍልጠት የብልናን ምባል ድንቁርና ወይ ዕሽነት

ከይዉሰድ ንምሕጸን! ኣብ ፖሎቲከኛታትን ዜጋታት ኤርትራ ዘይትፈልጥ እንተኾንካ እዚ ኣይፈልጦን እየ ምባል ከም መዓልታዊ ባህልና ክዉሰድ ይግባእ። ርጉጽ እዩ ኣብ ዘተፋላለየ ክፍልታት ኤርትራ ቡዙሓት ክሊኒካት፡ መወከሲ ሕሙማት፡ ተንቃሳቃሲ ሕክምናታትን መወልዳን ተሃኒጸንን ተኸፊተን ምህላወን ብተወሳኺ እዉን ሕክምናዊ ኮለጅ ተኸፊቱ ምህላዉ። እዚ ኩሉ ክንክን ሓለዋ ጥዕና ትካላት እዚ ኣዝዩ ንጥፉን ኣድማዕን ኣገልግሎት ክህብ እንተኮይኑ፡ ጽፉፍ ምምሕድር፡ ኣኻልን ብቑዕን ሓይሊ ሰብ፡ ኣኻሊ ቀረብ መድሃኒትን መሳርሕን፡ ኣኻሊ ፋይናንሳዊ ባጀት፡ ኣኻሊ መጓዓዓዚ ሕሙማት መካይን፡ ብቑዕ ላቫራቶርን መዳህሰስን መለለይ ሕማማት ፡ መግቢ፡ መድሃኒት፡ ስሓ (hygiene) መሳሪሒታት ክህልዎ ይግባእ። ኣብ ክፍለ ዘመን 21 ወዲ ሰብ ዓሶ ሓሚሙ ክመዉት ሃየንታ እዩ! ብሕማም ዓሶ ተጠቒዓኦም ዝመቱ ዜጋታት ዉሑዳት ኣይኮኑን። ኣብ ሕክምና ቢሮክራስያዊ ኣሳራርሓ ክዉገድ ዘለዎ ኣጋባብ እዩ። ሕሙም ብቋሬዛ ዝመጸ ጥራይ ዘይኮነ ሓሚመ ኣለኹ ዝብል ህጹጽ ሕክምና ቀዳምነት ክግበረሉ ይግባእ ቀጺሉ እቲ ናይ ቢሮክራስያዊ ስርሓት ዘገም እንዳበለ ክስራሕ ኣለዎ። ሓካይም ተደራቢ ዉልቃዊ ናይ መወከሲ ጥዕና ትካላት ስለ ዘካይዱ እዉን፡ ኣብቲ ተቖጺሮም ዝሰርሕሉ ክሊኒካት ሸለልትነት የዘዉትሩ እዮም። ብመሰረቱ ግን ኣብ ክንክን ሓለዋ ጥዕና ዘሎ ጠለብን ቀረብን ዘይተማጣጠነ ብምኻኑ ርኡይ ጸገማት ኣሎ። ህዝቢ ንክሕከም ገንዘብ ክከፍል ድሉው ክሳብ ዝኾነ፡ እቲ ቀረባት እዉን ሙሉእ ክከዉን ይግባእ ንብል። መጠነ ሞት ኣዝዩ እንዳበዝሔ ይኸይድ ኣሎ። ጠንቅታት መጠነ ብዝሒ ሞት ብዓቢኡ እኹል ክንክን ጥዕና ዘይምህላዉ እዩ። ቅድሚ ሓሚምካ ሕክምና ተኻናኺንካ ጥዕና ከምዝብሃል መንግስቲ ከም ወናኒ ትካላት ጥዕና፡ ንጥዕናዊ ሓደጋታት ህዝቢ ዘቃልዕ ኣቀዲሙ እኹልን ብቁዕን ግሉጽን ምቁጽጻራት ስለዘይገበር ዘጋጠመን ዘጋጥም ሓደጋታት ኣዝዩ ቡዙሕ እዩ።

## ለ.ኩነታት ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ሔ ነዚ ንኡስ ዛዕባዚ ክድህስስ እንከሎ፡ መጀመርታ ንኣቀዋዉማ መንግስቲ ኤርትራ እዩ ተመልኪቱ። መንግስቲ ኤርትራ ሰዉራ ንሃገራዊ ናጽነት መሪሑ ዝመጸን፡ ብዘይ ነጻ ተሳትፎ ሕርያን ዕግበትን ህዝቢ ንመንግስቲ ዝተሳጋገረ ዘይቅዋማዊ ጉጅለ እዩ። ቅዋም ስለ ዘይብሉ ድማ እቲ ቅርጺ መንግስቲ ነንሕድሕዱ ዝቖጻጸርን ዝማዛዘንን ፈጻሚ፡ ሓጋጊን ፈራዲን ኣካላት ስለዘይብሉ፡ ብልዑል ፖሎቲካዊ ባህግታት፡ ዉሳኔታትን፡ ጽልዋታትን ባህርያት ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፍወርቂ ተጸልዩ ስለዝኸይድ፡ ዉልቀ ምልካዊ ፖሎቲካዊ ስርርዕ ንብሎ።
ቅዋም ሓንቲ ሃገር፡ መሰረታዊ ኩንትራት መቛጻጸሪ ፖሎቲካዊ ስልጣን ህዝብን እቲ ብሕድሪ ህዝቢ ዝመርሕ ፖሎቲካዊ ጉጅለ ኮይኑ፡ ቀንዲ መሰረት ናይ ገባራይ ሕጊ ፡ ቀጥዕታት ገባራይ ሕጊ : ገበናዊ ሕጊ: ቀጥዕታት ገበናዊ ሕጊ : ንግዳዊ ሕጊ : ደዉላዊ ናይ ስድራቤት ሕጊ : ንዜጋዊ ጉባኣትን መሰላትን ............ወ.ዘ.ተ ዘነጽርን ዝድርትን እዩ። ቅዋም ዘይብላ ሃገርን ስርዓትን ዳርጋ ፋሉል እንተተባህለ ቃለ-ኣጋኑኖ ኣይኮነን። እቲ ፋሉል ድማ እቲ ህዝቢ ዘይኮነ እቲ ስርዓት እዩ። ኣብ ቅዋም ዘይብላ ሃገር ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ መቀየድን መቃጻጸሪ ሕጊ ስለዘይብሉ ዘይተደረተ ስልጣን ይዉንን እሞ ዓቢ ጓንየን ኮይኑ ሕሉፍ ሓሊፉ ስዓት ክንድዚ ብላዕ፡ ስተ  ስዓት ክንዲ ደቅስ፡ ተባራብር ክብል ይጅምር።
እዚ ዉልቃዊ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ፋሉል ሕጊ ኣልቦ ካብኮነ ኣብዚ እዉን ክንራዳዳእ እንተበቂዕና ኣብ ክንዲ ኣሳሳይ፡ ነጸግን ኣዕናዉን ክኾዉን ናይ ግድን እዩ። ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ፖሎቲካዊ ብጩቅታት ይተፍእ ኣሎ ንሱ ድማ ዶብ ኤርትራ እንተትሓንጺጹ ቅዋም፡ ሕብረሰልፋዊ ስርዓት ፖሎቲካ ከነተኣታቱ ኢና ዝብል እዩ። እዚ ፖሎቲካዊ ካርድ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ዓለም ክዓየሉ ይኽእል ይኸዉን፡ ኣብ ዉሽጣዊ ፖሎቲካዊ ባይታ ኤርትራ ግን ካብ ባጫን መዔደጊ ግዝያት ሓሊፉ ካልእ ክኸዉን ኣይክእልን እዩ። ምክንያቱ ደረታት ገበናቱ ካብ ልክዕ ንላዕሊ ስለዝሓለፈ ንክትግብሮ ጹዉጽዋይ እዩ። ጉጅለ መራሕቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣእሙራዊ ቅኒቶም  መብጽዓታቶም ዘተግብር ዘይኮነ፡ ብኣሉ-ቀጣን ዝተሰበነ እዩ። ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ቀንዲ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ክነብሩ ዝጥቆምለን ሜላታት፡

1. ነቲ ንመዋእሉ መባእታዊ ሰብኣዊ መሰላት ዝተሓረሞ ሕብረተሰብ መሰሉ ንክይፈልጥን፡ ንመሰሉ ካይልዓልን፡ ብዝተፈላለየ ጸቕጢ ምፍልላያትን ምግባርን፡ ነቲ ኣቀዲሙ ብገዛእቲ ዝዘዉተር ዝነበረ ሜላታት ምጥቃም።
2. ሓደ ኣዝዩ ድኻ ብቑጠባዊ ዓቕሙን፡ ማሕበራዊ ጸጋታቱን ሕብረተሰብ ምፍጣርን፡ ሓያል መንግስቲ ምፍጣርን።
3. ነቲ ሕብረተሰብ ብምስላዊ ረብሓ : ብቕድመ ሱሩት ማሕበራዊን ሰብኣዉን ዝምድናታት ፡ብናይ ሕልና ዉዕልን ዘይትግበር ዋህማዊ ተስፋታትን መብጽዓታትን፡ ብምፍጣር ህዝቢ ኣብ መፍትሕን ደረት ኣልቦ ሕልምታት ከምዝነብር ብምግባር እዩ።

ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንህዝቢ ኤርትራ ኣማሕዲርዎ ኣይፈልጥን እዩ፡ ገንዘብ ጥሪት ጉልበት ሰብ ጥራይ ከናዲ እንኮሎ እዩ፡ ናብቲ ህዝቢ ከይድ ዝዝርፍ። ካብዚ ኩዉንነት እዚ ብምንቃል እዚ ስርዓት እዚ ብድርብ ተነጽሎ ማለት ብህዝቡን ማሕበረሰብ ዓለም ተነጸሎታት ዝባሕተወ እዩ። ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣባላት ይክኣሎ፡ ኣባላት ዋርሳይን ካብዚኦም ወጻኢ ኣብ ትሕቲኡ ኣስታት 400000 ቀወምትን ዘይቀወምትን ሰራሕተኛታትን ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣለዋ። እዚ ማለት ድማ 10 ሰባት ካብ 100 ኤርትራዉያን ወትሃደራት ወይ ኣገልገልቲ እቲ ስርዓት እዮም ማለት እዩ። 90% ካብዚኦም ብኣስገዳድ ዘገልግሉን ፍረ-ጻምኦም ዘይክሓሱ እዮም። ላዕለዎት ይኹኑ ታሕተዎት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ገባራዊ ዉሃብቲ ኣገልግሎት ሚኒስትሪታት፡ ዲፕሎማሰኛታት፡ ፖሊስን ኣባላት ጸጥታን፡ ኣዘዝቲ ስራሒታት፡ ኣማሓደርቲ ዞባታት፡ ካቢነትን ኣባላት ባይቶን ነንሕድሕዶም ዝተባታተኹ ዝምድናታት ዘለዎም እዮም። ኣገልገልቲ እቲ ምልካዊ ስርዓት ድኣ እንበር፡ ብሃገራዉን ዲሞክራስያዉን ዕላማን ንያትን ዝተኣሳሰሩ ኣይኮኑን። እቲ ሓቂ ከምኡ ካብኮነ፡ ነቲ ስርዓት ዘንብሮ ዘሎ ናይ ከባቢን ፖሎቲካዊ ተጻቡኦታትን ባይታታትን ጥራይ እዩ። እዚ ናይ ከባቢን ፖሎቲካዉን ኣካላዉን ተጻቡኦታት ነቲ ማዕበል ክሳራሰር ዝግብኦ ህዝባዊ ዘይሙእዙዙነት ወይ ምንዕዓብ ኣርጊእዎ ይርከብ። ክሳብ እዚ ኩነታት እዚ ዘይተቀየረ ድማ እዚ ስርዓትዚ ሕጽረታት ምስትንፋስ ናይ ምግጣም ተኽእሎ ኣዝዩ ረቒቕ እዩ። ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ነቲ ኣቀዲመን ጎረባብቲ ሃገራት ማለት ሱዳን ካብ 1992፡ ኢትዮጵያ ካብ 1984 ዓ.ም.ፍ ዝጀመርኦ ብኢደ ኣዝዉር ኩናት ገረብ ብሓክላ ገልቢጡ ሰሪሕሉስ ዳርጋ ኣብ ሱዳን፡ ኤትዮጵያ ን ሶማልያ ነዉጽታትን ዘይምርግጋትን ፈጢሩ ንፖሎቲካዊ ረብሓታቱ ይቅዩሮ ከምዘሎ ርድኡ እዩ። ኣብ ሱዳን ኢትዮጵያ ፖሎቲካዉን ቁጠባዉን ዘይርጉኡነት ዝያዳ ኤርትራ ኣሎ። ነዚ ክዉንነት እዚ ቀንዲ ጉዝጓዝ ዝኾነ፡ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ መንግስቲ ኣመሪካን፡ ዓይነት ስርዓታት ኣብዚ ዞባን እየን። ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ሕጂ ዝጻወትሉ ዘለዉ ፖሎቲካዊ ካርድ ክልተ ጆኮራት እየን።

1. ብፍላይ ኣብ ወሽመጥ ዓረብን ኣፍሪቃ፡ ብሓፈሻ ኣብ መላእ ዓለምና ዘሎ ግሩሩን ልቡጥን ጽልእታት ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኣመሪካ ኣብ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣእቲኻ ኣብ ገዚፍ ግዳማዊ ወጥርታት ምጽማድ።
2. ነቲ ኣብ ዞናና ዝኸይድ ዘሎ ዘይምርግጋእን ጽንቁቕ ናይ ምዉጋይ ሓይሊ መንግስታት ዞናና መዝሚዙ ብኢደ ኣዙር ፖሎቲካዉን ወትሃደራዉን ኩናት ተጋሃሊሩ ነቲ ከባብን ዓለምና ኣብ ወጥሪ ዝእትወሉ መልሕቅ ምትካል እየን።

እዚ ጽምዲ ፖሎቲካዊ ኣጀንዳ ይትዓወት ኣይትዓወት ካልእ ጉዳይ ኮይኑ ዕድመ ዝነጽፍ ዘሎ ስልጣኑ ዘናዉሓሉ ዓለምለኻዊ፡ ዞባዉን ዉሽጣዉን ዓንድታት ይተኽለሉ ኣሎ።

ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ነቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝምዕብል ዘሎ ፖሎቲካዊ ስልጣኔ ማለት ኣብ ሶማል ሃገራዉነትን ኣኽራርነትን፡ ኣብ ሱዳን ዲሞክራስያዉነትን ዉሽጣዊ ኩናት ሕድሕድን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘይ ፖሎቲካዊ ርጉእነት፡ ኢትኒካዉነትን ዲሞክራስያዊ ምስሉይነትን ባዕሎም ዘናዓብዋን ዝመርሕዋ ዘለዉ ስለዝመስሎም፡ ነቲ ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ፖሎቲካዊ ኩነታት ብልክዕ ክለልይዎ ኣይክኣሉን። ናህሪ ፖሎቲካዊ ስልጣኔ ኣብ ዉሱን ከባቢ ዝፍጠር ርእሱ ዝኻኣለ ኣይኮነን እንታይድኣ ብከባቢኣኡን ብመላእ ዓለም ዝጽሎን ዝግዛእን እዩ። ነዚ ዘይምፍላጥን ዘይምልላይን ድማ ንጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ የገድዶም ኣሎ ቀጻሊ ሰፍ ዘይብል ፖሎቲካዊን ዲፕሎማስያዉን ክሳራታት ክሕንገጡ። እዚ ግዳማዊ ክሳራታት ድማ ንዉሽጣዊ ዓቕምታቶምን ትሕዝትኦም እንዳኣቦኽቦኾ ይኸይድ ኣሎ።

ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ከም ፖሎቲካዊን ቁጥባዉን ስርርዕ ካብ ዝወድቅ ዛጊት ነዊሕ ዓመታት ገይሩ ኣሎ። ወዲቑ ከንሱ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዘቀጽሎ ዘሎ ሮቛሒታት እዘን ዝስዕባ እየን።

1. ኣቃዉማ ኤርትራ ጂኦ- ፖሎቲካዊ ክዉንነት።
2. ኣቃዉማ ብዙሑነታዊ ሕብረተሰብን ኣባታዊ (patriarchic) ማሕበራዊ ኣዋዳድብኡን ስርርዓቱን።
3. ኣጋባብ ኣዋዳድባ ኣታዓዕያን እቲ ስርዓትን ዝጥቀመሉ ብልሓታትን ቁጽጽር ንሕብረተሰብና።
4. ቡኩራት ብደረጃ ህዝቢ ናይ ተቃዋማይ ቁጽጽር።
5. ህሉዉ ኩነታት ኤርትራ ኣይሰላም ኣይኩናትን ኩነታት ልዕላዉነት መሬት….. ወ.ዘ.ተ. እዩ።

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ነዚ ኩሉ ኩነታት ኣጋናዚቡ ክመዝኖ እንኮሎ፡ ነዚ ምልካዊ ስርዓት ንምእላዩ ሓያል ጉስጢ ነዝታታት ገለ ሓደጋታት ምዉሳድ ከድሊ ምኻኑ መዚኑ። እዚ ሚዛን እዚ ኣቀዲሙ ዝወነኖ ምኻኑ እዉን ተገንዚቡ።

## *ሃለዋት ህዝባዊ ሓድነታዊ ቃልስን፡ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳቱን።*

### *ሀ.ሃለዋት ህዝባዊ ሓድነታዊ ቃልሲ፡*

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ ብልዑል ዕትበት ዝተመልከቶ፡ ሃለዋት ህዝብናን ሓድነታዊ ቃልሱን መዓልቲ መጼ ናብ ዝኸፍኤ ኩነታት የምርሕ ምህላዊ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ሎሚ ኣብ ኣፍደገ ሓድሽ ሰንጣቂ ቀራና መንገዲ ይርከብ። ንሱ ድማ፡

1. እቲ ኣረጊት ሓርገጽ (ስርዓተ ህ.ግ.ደ.ፍ) ኣብ ኣፉ ብርእሱ ኮሊሱ ክዉሕጦ ክቃለስ እንከሎ፡ እቲ ክግቡዝ ን45 ዓመታት ዝወዳኣሉ፡ ካይኀበዘ ዝኣረገ ሓደ ሓደ ኣድሓርሓርቲ ጉጂለታት ድማ ብእግሩ ነኺሶም ክምንጭትዎ ይህቅኑ ስለዘለዉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጋሕታን ወጥሪ ይርከም። እዚ ንህዝብና ወጢሩ ሒዝዋ ዘሎ ክልተኣዊ ወገናት ኣካላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ብምኻኑን ንሱ ዘንህየሉ ጥቅምታት ብዝገዝኦ ስትራተጂ፡ ህዝብና ንመሰረታዊ ዝኾነ ግዕዞ ካይምርሽ ሓሊኽ ሒዝዎ ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ። እዚ ማሕለኻታት እዚ መብዛሕትኡ ብትሕተ ሃገራዊ ዝንባሌታትን ሕሉፍ ታሪኽ ስለዝግዛእን ስለዝናጣጠፍን፡ ነቲ ህዝብና ኣብ ጉዕዞ ነዊሕ ዘመናት ዝፈጠሮ ኤርትራዊ መንነታዊ ሓድነት ገማዕማዕ ከብል ይፋታተንዎ ኣለዉ። ኣብ ገለ ገለ ኣዝዮም ትሑት ደረጃ ንቅሓትን ብኡኡ ዝነብሩ ሰባትን ጉጅለታትን ከምተርእዮ ከምዝርአን ናይተስፋ ቀቢጻዊ ዘረባታት ከምዝስማዕ'ዉን ኩሉ ኤርትራዊን ዓለምናን ዝፈልጦ ጉዳይ እዩ። መብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ ግን ጸይንዎ ኣሎ። ኣዝዩ ኣድማዕነት (Predictability) ዘለዎ ቁልጡፉን መሰረታዉን ለዉጢ ዘተኣታቱ ማሕበራዊ ፖሎቲካዊ ሰዉራ እንተዘይተኻይድን ተዓዊቱን እቲ ሓድነት ህዝቢ ዝብሃል ሓደጋታት ክገጥሞ ምኻኑ ርዱኡ እዩ።
2. ካብቲ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍን ኣድሓርሓርቲ ምስሌኔታት ባዕድ (Compradors) መራሕቲ ሃይማኖት፡ መራሕቲ ቀቢላታት …….ወ.ዘ.ተ ዘንህይዎን ዝናጣጠፍሉ ከፋፊልካ ግዛእ ሜላታት ብምስትብሃል ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ መዳምቅቶም ምኻን ጉርሕታት ኣጥርዩ ክዕዘብ ዝበዝሔ ወገናት ክዉስን እንኮሎ፡ ዝወሓደ ወገናት ድማ ኣብ ምጥርጣርን ሰኸኽታ ኣትዩ ይርከብ። እቲ ጉዳይ ዓዉ ኢልካን ተኣኪብካን ከም ዛዕባ ምህላዉን ዘይምህላዉን ኣዋጋግንኡን ክትዛረበሉ ዘኽእል ባይታ ኣብ ዉሽጥ ኤርትራ ስለዘየለን ዘይፍቀድን ካብ ምኻኑ ዝነቀለ፡ ነቲ ሙዉቅ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዝነበረ ይፈግሮን የቁሩሮን ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ።
3. ሓድነት ህዝብን ሓድነታዊ ቃልሱን ካብዚ ኣቀዲምና ኣብ ላዕሊ ክንዛረበሉ ዝጸናሕና መዔቓኒታትን ተርእዮታትን ንላዕሊ እዩ። ምኽንያቱ ንህዝቢ ኤርትራ ሓደ ዝገብሮ፡ ኣብ ሓደ መስርሕ ህይወት ቃልሲ ጥራይ ከም ከብቲ ተገሪዙ ዘይምኻዱ ኣይኮነን እንታይ ድኣ ናይ ሓባር ነዊሕ ታሪኽ ፡ ናይ ሓባር ደዉላ ፡ ናይ ሓባር ጹቡቅ ይኹን ሕማቅ

ተዘክሮቶታት፡ ናይ ሓባር መስዋእት፡ ናይ ሓባር ጸቃጢን መላኽን ስርዓት (ናይ ሓባር ጸላኢ) ምህላዉን ኣንጻሩ ብዝተፈላለየ ኣጋባብ ምቅዋም ...... ወ.ዘ.ተ እዩ። ካብዚ ኣዝዩ ተሪር ፍሕሶታት መዔቐኒታት ሓድነት ህዝቢ ብምስትብሃል፡ እቲ ተፈጊሩ ዘሎ ሓድነት ህዝቢ መመሊሱ መሽሙሽ ናብ ካልእ ካይተሳጋገረ እንከሎ፡ በቲ ናይ ለዉጢ ሓይልታት ኣዝዩ ቅርጡዉን ኣድማዕን ናይ ፖለቲካዊ ሓድነት ተግባር ኡግሚ (action potential) ክዉሰድ ኣለዎ ንብል።

ለ. ፖለቲካዊ ምንቅስቃሳት ኤርትራ፡

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ እዚ ንኡስ ዛዕባዚ ኣዝዩ ስለዘገድሶ ዘዉትር ብዕምቆት እዩ ዝጥምቶ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ካብ ስሩ ብምንቃል እዩ ክመዝኖ። ብመሰረቱ ፖለቲካዊ ናይተቃዉሞ ምንቅስቃሳት ኤርትራ ኣብ ክልተ መሰረታዉያን መድረኻት ዝተፈጥሩ እዮም።

1. ቅድሚ ሰውራ ኤርትራ ንመግዛእቲ ካብ ትርኢት ኤርትራ ምስጋጉን ሉዕላዉነት ምርግጋጹዝነበሩን ዘለዉን።
2. ድሕሪ ምርግጋጽ ልዕላዉነት ኤርትራን ምትካል ምልካዊ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ካብቲ ህሉው ኩነታት ኤርተራ ዝነቀሉ ዝቃወሙ ዘለዉ እዮም።

እቶም ዝበዙሑን ዝሓየሉን እቶም ቀዳማይ ወገናት ኮይኖም፡ መብዛሕትኡ ህላዊኦምን ምንቅስቃሶቶምን ፖለቲካዊ ምንጥጣፎም ኣብ ጎሮባብቲ ሃገራትን ኪኖዉ ጎሮባብትን እዮም። ዝሓየለ እዩ ክንብል እንክለነ ዘይተደልየ ተረድኦ መታን ካይፈጥር፡ ድሕሪ ጨርሹ ከም ወትሃደራዊ ክንፊ ካብ ሜዳ ኤርትራ ተጸሪጉ ምውጽኡን፡ ኣባላቱ ኣብ ዘተፋላለየ ክፍለተ ዓለማት ፋሕ ምባሎም ከም ፖለቲካዊ ክንፌ ተለኺ እንዳበለ ኣይሙዉት ኣይሱሩር ኮይኖም ክንሂዩ ድሕሪ ምጽንሖም፡ ገለ ገለ ትሕተ ቅርጽታት ከም ፊነወ ራድዮ፡ ወፕ ሳይታት፡ ኣብያተጽሕፈታት፡ ክበባት ምህናጾምን ምዉናኖምን ጥራይ እዩ። ኣብ 1996 ዓ.ም.ፍ ምስ ምጅማር ኩናት ኣብ መንጎ የመንን ኤርትራን ቀጺሉ ኣብ 1998 ዓ.ም.ፈ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጽያን ኩናት ምብሩዑ፡ ኩነታት ጂኦ-ፖለቲካ ብዝፈጠሮ ትንሳኤታት ንጥፈታቶምን ኣድማታቶምን ተጋሂዱ፡ ልዕሊ ኩሉ ግን ኣቀዲሞም ኣብ ሓደ ዉድብ ተ.ሓ.ኤ ዝነበረ ኣብዝተፋላለየ ጉጂለታት ዝተማቃቀለ ብምኻኖም ነንሕድሕዱ እዉን ናይ ነዊሕ ዓመታት ሓድሕዳዊ ፍልጠታት ስለዝነበሮም ብሓገዝ መንግስቲ ሱዳንን መንግስት ኢትዮጵያን ኣብ መጨረሽታ 1999 ዓ.ም.ፍ ምሕዝነት ፈጢሮም። ምሕዝነት ብዘገምታዊን ሰዉራዊ ምዕባሌን ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ባይታን መንጽራቱን ዘይኮነስ፡ ብኣብ ኤርትራን ምስኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ዝተፈጥረ ኩናትን ምናልባትነት ኩናት ብምንባሩ፡ እቲ ንኡኡ ዝፈጠሮ ኩነታት መዕለቢታትን ምቅይያራትን እንዳርኣየ ክኸይድ እንከሎ ዝነበሮ ናህሪ እንዳኣንቀልቐለ ክከይድ ምኻኑ ፍሉጥ እዩ ነይሩ። ልዕሊ ኩሉ ግን እቲ ዝተመስረተ ምሕዝነት ዝተነጸረ፡

1. ፖለቲካዊ ራኢን መትከላትን ብዘይምዉናኑ።
2. ሰፊሕ ዝሰረቱ ፖለቲካዊ ግንባር ብዘይምኻኑ።
3. ኣሳታፊን ኣሳሳይን ጽኑዕ ዉሽጣዊ ዲሞክራስያዊ ሂወት ዘይብሉ ብምኻኑ።
4. ብቁዕን ምዕቡሉን ብታሪኹን ፖለቲካዊ ዝንባሌታቱ ዘይሕንኮል መሪሕነት ብዘይ ምዉናኑ።
5. ምስ ናይ ህዝቢ መጋባእያታትን ማሕበራትን ከተሓባቡሮን ከስርሖን ዝኽእል መካኒዝምን ባህርያትን ብዘይምዉናኑ።
6. ካብ ምሕዝነት ዝተፈልየ ናይ ፖለቲካዊ ዉድባትን ሰልፍታትን ንጥፈታትን ህላዌን ዝደንገገ ድርዕታት ብዘይምዉናኑ።
7. ኣብ ነቲ ምሕዝነት ዘቆማ ዉድባትን፡ ህዝብን ዝተሰረተ ግንባራዊ ቅርጻ ብዘይምዉናኑ።
8. መትከላትን ቻርተርን ምሕዝነት በተን ካብ ንኡኡ ዘቖማ ዉድባት በተን ሓያል ናይ ጎሮባብቲ ሃገራት ደገፍ ማለት ሱዳንን ኢትዮጵያን ዘለወን ዉድባት ይጽሎ ብምንባሩ።
9. ምሕዝነት ዝተኸተሎ ብልሓት ቃልሲ ጸኒሓዊ ብምንባሩ።
10. መብዛሕትኣን ንምሕዝነት ዘቆማ ዉድባት ብትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካዊ ዝንባሌታት ዝተቃነያን ዝተወዳደባን ብምኻነን።

11. ምሕዝነት ነቲ ናይ ሃገራዊ ናይ ማእከል ፖሎቲካ ዲኺኩ፡ ብስም “"ተቃዉሞ"” ሃገራዉን ዲሞክራስያዉን ሕልናን ባህርያትን ዘይብሎም ተዋሳእቲ ነቲ ናይ ተቃዉሞ ደንበ ምስወነንዎ።
12. ካብ ኩዉንነትን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ዝነቅል ዝተጸንዓን ዝተሳእለን ስትራተጂ ስልትን ስለዝይብሉ።
13. እቲ ዝቖመ ግንባር ብዘይካ ከም ሓደ ሓፊስን ከቢድን ነገር ርእሲ ዘለዎ እንበር መተግበሪ ዕላማታቱ ዝኸዉን ማሓዉራት ዘይብሉ ብምንባሩ፡

ምሕዝነት ከም ፖሎቲካዊ ግንባር ወዲቁ። ካብ ኣኼባታት ምክያድን፡ ዉሳኔታት ምሕላፍን ሓሊፉ እዉን ሓንቲ ክገብርን ክበጽሕን ኣይክኣለን። በቲ ናይ ሰንዓ እክሲስ ዝህብኦ ዘይጠቅም ፋይናንሳዊን ነገራዉን ሓገዛት ሰልከም ክብል ድሕሪ ምጽናሕ እዉን ኣብ ሓሙሻይ ስርዕ ኣኼብኡ ብጠንቂ መን ንምሕዝነት ይምራሓይዮ ዝብል ሕቶ ረማዕ ኢሉ፡ ቀጺሉ እዉን ብምድፍፋእን ምግዳድን ናይ ሰንዓ ኣክሲስ ሃገራት ንኪዳን መስሪቱ ኪዳን ከም ግንባር ኣሎ ዶ የሎን ዛጊት ብወገና ንፈልጦ ጉዳይ የሎን ንወርሒ 12/2006 ዓ.ም.ፍ ግባኤ ከካይድ መብጽዓታታት ኣትዩ ከምዘሎ ጥራይ ንፈልጥ።

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ንምሕያል ናይ ተቓዋሚ ደንበ ብዓቢ ተስፉ ሃንቀዉ እንዳበለ እዩ ዝጽበዮ፡ ጉባኤታትን ሓድነታዊ ግባኤታትን ዉድባት ክካየድ ምኻኑ ኣብ ዝፈለጠሉ እዋናት እዉን፡ ብዓቢ ተስፋን ንያትን እተን ጉባኤ ዘካይዳ ዉድባት ኣሉታዉን ኣዉንታዉን ሑሉፍ ቃልስታተን ገምጊመን፡ ኣብ ህልዉ ድሕሪ ባይታታት ኤርትራን፡ ከባቢናን ዓለምናን ዝተሞርከሰን ብሓድሽ ኣድማዒ ፖሎቶካዊ ስትራተጂ፡ ስልቲ፡ መሪሕነት፡ ቅርጻ ኣዋዳድባን ንጹር ሃገራዉን ዲሞክራስያዉን ፖሎቲካዊ መርገጺታትን ተግባራዊ ኡግም ስራሕት ንምስልሳል ዘኽእል ዉጥናት ሒዘን ክወጻ ብዓቢ ተስፉ ተጸቢና። እቲ ዝተኻየድ ግባኤታት ኣባታዊ ዓቕምታቱ ዘራጋገጸን ንህላዊን ቀጻልነት ጸቢብ ዉድባዊ ንጥፈታቶም ትንፋስ ንምስካዕ ጥራይ ከምተኻየደ መዚና። እቲ ግባኤታታት ብዘይካ ንዉድባዊ ዓቅምታቱ ነቲ ኣብ ዞናና ተኸሲቱ ዘሎ ጂኦ-ፖሎቲካዉን ወትሃደራዉን ኩነታትን ግርጭታትን ኣጋባብ ኣፋታቱሑኡን ዝተመልከተን፡ ብግቡእ መዚኑ ካብኡ ዝነቀለ ኣይነበረን። ኣብ ምሕያል ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምሕያል ደቂ ኣንስትዮ፡ መንእሰያት ብፍላይ እዉን ኣስተብህሎ ዝጎዶሎ ከምዝነበረ ይግምግም። ምኽንያቱ ንሰለስተ ዉድባት ንምስማር ዝተኻየደ ሓድነታዊ ግባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ብሙሉኡ መሪሕነቱ ደቂ ተባዕትዮ ኮይኖም፡ እቲ ዝገደደ ድማ 9 ኣባላት ፈጻምቲ ሽማግሌታቱ ብሕርያ ፍላን ወዲ ፍላን ተባሂሎም ብናጻ ኣብ ፖሎቲካዊ ዉድባዊ ስልጣን ዝተወጥሑ እዮም። ብዘይካ ኣጋይሹ ኣስታት 141 ኣባላት ጉባኤ ነዚ ኣጋባብ ክሰርሕ ትም ኢሎምን ደገፈታ ዘይብሉ ተቃዉም ኣርእዮም ተቀቢሎሞ ኣፎም ዓጽዮም ትም ካብ በሉ፡ ንምስክር ኣለና ኣብ 2006 ዓ.ም.ፈ ታሪኽ ኣባጋግሳ ሰዉራ ኤርትራ ኣብ 1961 ዓ.ም.ፍ ዳግም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ይድገም ከምዘሎ። ካብኡ ሓሊፉ እዉን ፈጻምቲን ሓገግትን ኣካላቱ 90% ደቂ ሓደ ከባቢ ካይኮኑ ስግኣታት ኣለና። ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ንኩሉ ኩነታት ናይተን ጉባኤታት ዘሳላሰላ ዉድባት ምስ መዝነ እዚ ጉዳይ እዚ ተስፉ ዘለዎ ከምዘይኮነን ተገንዚቡ። ነቶም ዝበዙሑን ኣብ ዉሽጢ እቲ ዉድባት ኮይኖም መዋእሎም ዝተቃለሱን ዝቃለሱ ዘለዉ መሰረታት ዓስቢ ቃልሶምን ንጥፈታቶምን ተወፋይኖቶምን ብቀሊል ክርኤ ስለዘይግባእ ሕጂ ዉን ዉሽጦም ከጽርዩ ነቲ ዘካይድዎ ቃልስታት ንዉልቃዉን ግጅላዉን ረብሓታቶም ንምርካእ ዘዳኽሙዋ ዘለዉ ባእታታት ብሃገራዉን ሰዉራዉን ሚሔ ሚሖም ከዳኹሞምን ብልዙብ ብልሓት ክኣልዮምን ንጽዉዕ ኣሎ።

እዚ ዝካየድ ዘሎ ማሕበራዉን ፖሎቲካዉን ሰዉራ ጥራይ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንምእላይ ዝዓለመ ዘይኮነ፡ ብመሰረቱ ኣብ ፖሎቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ናይ ጸጥታ ን ወትሃደራዊ ስትራተጂ መሰረታዊ ለዉጥ ንምክያድን ካብ ግዝኣት ሰብ፡ ንግዝኣት ሕግን ማሕበራዊ ፍትሕን እግሪ ዝተኽለሉ ጽኑዕ ባይታ ንምፍጣር ስለዝኾነ፡ ብባህሪኡ እቲ ቃልሲ ጽምዳዊ እዩ። ኣብ ዉሽጥኻ ምጽራይን ነቲ ምልካዊ ስርዓት ክትኣሊ ምቅላስ እዩ።

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ካልእ ዝጣሕመሶ ጉዳይ እንተሃልዩ ዉድብና ምስ ካልኦት ዉድባት ንምስራሕ፡ ከም መቀጸልታ ዋዕላ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጠቀስ ኣብ ኣምስተርዳም ኣብ ዝተኻየደ ንኣፈና ርክባት ምስ ካልኦት ፖሎቲካዊ ጉጂለታትን ዉልቀሰባትን ኣትዩ ነይሩ፡ ድሕሪኡ እዉን ነቲ ዝተገብረ ኣፈና ርክባት ንምምዕባሉ ተንቃሳቂስሉ፡ ኣብ ምንቅስቃሱ እዚ ዝጣራነፍ ዘሎ

ሓይልታት ነቲ ገጢምናን ዝገጥመና ዘሎ ሃገራውን ህዝባውን ከባብያውን ብድሆታት ክምልስ ዝኽእል መታዓዓየዪ ድዩ ንትብል ሕቶ ብኩሉ መዳያቱ መልሲ ስለ ዝሳነሉ ንግዚኡ ካብቲ ዝተሓሰበ ግዕዞ ከነቃርጽ ኣቀዲሙ ብኣባላት ፈጸምቲ ሰውራዊ ሽማግሌ ህ.ሰ.ግ.ኤ ወሲኖም፡ ሕጂ'ውን እቲ ውሳኔ ዳግም ተሓዲሱ ጸዲቁ። ነዚ ውሳኔ እዚ ንምውሳን ኣዝዩ ልዑል ፋይናንሳዊ፡ ጉልበታዊ፡ ግዝያውን ዓቅምታት ዝወድኣን ምስ ብዙሓት ሃገራውያንን ዲሞክራስያውያን ባእታታ ኤርትራ ኢሂን ሚህን ዝተባህለሉ መጽናዕትታት ዘሰነዮ ከምዝነበረ እውን ክንገልጽ ንፈቱ። ንሕና ህ.ሰ.ግ.ኤ ሳልሳይ ሓይሊ ክንብል እንከለና፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ህ.ግ.ደ.ፍ ወይ ብኣንጻሩ ኪዳን ዘየሎ ማለትና ኣይኮነን። እቲ ንሕና ሳልሳይ ሓይሊ ንብሎ ነዚ ዝስዕብ ብቅዓታትን ባህርያታትን ዘለዎ ዘማልኤ እዩ።

1. ብደረጃ ህዝብ ናይ ተቃዉሞ ቁጽጽር ባይታታት ዘለዎ።
2. ንምህናጽ ሃገርን ሃገራውነት ዝቃለስ።
3. ንኤርትራ ንግዝኣተ ሕግን ማሕበራዊ ፍትሕን ከሳጋግራ ዝቃለስ፡
4. መሰረታዊ ለዉጥ ንምርግጋጽ ማሕበራውን ፖሎቲካውን ሰዉራ ዘሳላስልን ዝኣምንን።
5. ንዉሽታውን ግዳማውን ግርጭታት ብኩውንነት ዝትንትንን ዝሰርዕን።
6. ሃገራውን ህዝባውን ረብሓታት ቅድሚ ውድባዊ/ሰልፋዊ ረብሓታቱ ዝሰርዕ።
7. ዲሞክራስያዊ መስርሕን ቃልስን ከም መተካእታ ህሉው ኩነታትና ተቀቢሉ፡ ብኡኡ ዝቅየድን ዝዓይን ምስ ዝኸዉን።
8. መሳሪሒ ናይ ኀሮባብቲ/ስግረ-ኀረባብቲ ሃገራት ዘይኮነ።
9. ብሕሉፍ ታሪኹ ዘይሕንከል።
10. ምምስራሕ ዲሞክራሲ፡ ምትኽኻእ ሓድሽ ወለዶ፡ ምሕያል ደቂ-ኣንስትዮ ዝኣምንን ዝቅበልን
11. ንኤርትራን ህዝባን ምስኩውንነቱ፡ ልምድታቱ፡ ሕጊ-እንዳባታቱ፡ ብዙሕነቱ፡ ትጽቢታቱ፡ ናይ ሓባር ረብሓታቱ፡ ነባሪ-ሰላም ከራጋግጽ ዘኽእል፡ ብሓባራዊ ሃገራዊ ዕግበታት ዝጠረየ ሃገራውን ዲሞክራስያውን ቅዋም ድሕሪ ምህናጽ፡ ኤርትራ ንሲቪላዊ ፖሎቲካውን ማሕበራውን ሕብረ-ሰልፋዊ ስርርዓት ንክትሳጋገር ብግብርን ክልስ-ሓሳብን ኣሚኑ ዝቃለስ ማለትና እዩ።

እዚ ሓይሊ እዚ ብሓሳብ ኣብ ኣእምሮና ዝተቀርጸ ባህግታት ዘይኮነ: ኣቀዲሙ ከም ኣታሓሳስባ ግብራዊ ንጥፈታትን ኣብ ክፍላ 1970ታት ዓ.ም.ፍ ብዝተፈላለየ ኣጋባባት ኣብ ዉሽጢ ተ.ሓ.ኤ ን ህ.ሓ.ሓ.ኤ ዘንህን ነቲ ልምዳዊ ኣጋባብ ኣማራርሓ ንምቅያር ዝቃለስ ዝነበረ እዩ። ሕጂ'ውን ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪዳን፡ ጽላል ፖሎቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ኣብ ጽላል ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ን ካብ ኩሎም ወጻኢ ፋሕ ኢሉ ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ፡ ብዓቢኡ ከም ቀንዲ ሓይሊ መንዓዓቢ ኮይኖም ዝደፍእዎ ባእታታት እውን ዘለዎ እዩ። ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ሕጂ እውን እዚ ፋሕ ዝበለ ህላዌ ዘለዎ ሓይሊ በብከባቢኡ ብህዝባዊ መጋባእያታት ክጥርነፍን ክንህን ንጽዉዕ ኣለና። ኣብ ኤርትራ ብዲክታቶርነት፡ ብሃይማኖት፡ ብቀቢላ፡ ብኣዉራጃ፡ ብቆላ ደጋ፡ ብሰልፌ ዕዮ፡ ብሰልፌ ህዝባዊ ሰዉራዊ ሰልፊ፡ ብሰልፌ ብዓስ……ወ.ዘ.ተ ተፈቲኑን ተሰሪሒሉን ብዘይካ ንዉልቃውን ጉጂላውን መዓላታት ከገልግል ስለዘይበቅዓ፡ ከም ኣማራጺ ዘይኮነ ከም ክዉንነትን መጽያዊ ዉሕስነት ህዝብናን ሃገርናን በዚ ኣቀዲምና ዝጣሕመስናዮ ትሕዝቶ ክናጣጠፍ ክዉደብ ክቃለስ ግድነታዊ እዩ።

ኣብ ፖሎቲካዊ ተቃዉሞ ደንበ ኤርትራ ብሓፈሻ ክጥመት እንከሎ ብስነሓሳባዊ ንቅሎታት ዝነቀለን ዝንቃሳቀስን ፖሎቲካዊ ምንቅስቃስ የሎን ክብሃል ይክኣል። መብዛሕትኦም ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት ኤርትራ ኣብቲ ድሕሪ ምልካዊ ስርዓት ምእላዩ ዝትከል ፖሎቲካዊ ስርዓትን ምምቅራሕ ፖሎቲካዊ ስልጣንን ዘተኮረ ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮ ሒዘን ኣነ ዶ ሕጊ እስልምና ኣነ ዶ ሕጊ ክርስትና ኣነ ዶ ዲሞክራስያዊ ኣነ ዶ ዘይሙእኩል ስርዓት ኣነ ዶ ፈደራላዊ ኣነ ዶ ብሔራዊ እንዳበላ ዝንቃሳቀሳን ዝፈላለያን እየን። ገሊኦም ኣብ ሕነ ምፍዳይ፡ ገሊኦም ካብ ፍርሂ፡ ገሊኦም ፖሎቲካዊ ስልጣን ህዝቢ ንምምንዛዕ፡ ገሊኦም ወያናይ ዲሞክራሲ ንምትእትታዉ፡ ገሊኦም ጽገናዊ ለዉጢ ንምምጻእን ገሊኦም መሰረታዊ ለዉጥ ንምትእትታው ዝንቀሳቀሱ እዮም። ካብዚ ኩውንነት ብምንቃል፡ ኣብ ደንበ ተቃዉሞ እውን መሰረታዊ ለዉጥ ምክያድ የድሊ ከምዘሎ ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ተመልኪትዎ ኣሎ።

## ከባብያዊ ኩነታት ቀርኒ-ኣፍሪቃ።

ክስተታት ፖሎቲካዊ ኩነታት ሃገራት ቀርኒ-ኣፍሪቃ ናብዛ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ኩነታት ክበጽሕ ካብ ናይ ገዛኣ ርእሰን ኩነታት ዝተበገሰ ኣይኮነን። ብዓቢኡ ፖሎቲካዊ ስትራተጂ ምዕራባዉያን ብሓፈሻ ኣመሪካ ድማ ብፍላይ፡ ፖሎቲካዊ ስትራተጂ ኢስራኤልን ኣዕራብን ዉሽጣዊ ፖሊስታተን ዝኾስኾሶ ጉዳይ እዩ። ኣብ ሱዳን፡ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ጁቡቲን ከንያን ዘሎ ፖሎቲካዊ ስርዓታት ገሊኡ ጭዉ ዝበለ ጥምረ-መላኺ (Totalitarians) ፡ ገሊኡ ድማ ጭዉ ዝበለ ጥምረ-መዛዊ (Authoritarians) ፖሎቲካዊ ስርርዓት እዮም። ገሊኡ ስርዓታት ስማዊ ምርጫታትን ቅዋምን፡ ነጻ መራኽቢ ቡዝሓን፡ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርርዓት ብልዑልን ሽርሓዊ ኣጋባብ ምቁጽጻር ዘዘዉትር ክኸዉን እንከሎ ገሊኡ ድማ ከም ኤርትራ ፍጹም ዝኣገደ እዩ። ዳርጋ ተዛማዲ ሩጉእ ፖሎቲካዊ ኩነታት ዘለዎ ስርዓት ስርዓት ጁቡቲ እዩ። ስርዓት ጁቡቲ ንዘለዉ ደገፋት ካብ ፈረንሳን ኣመሪካን ንጎኒ ኣቀሚጥካ፡ ናይ ከባቢኡ ዘይርግኣት'ዉን ይጸልዎ እዩ።መንግስታት ኤርትራ ኢትዮጵያ ሱዳን ንስርዓት ጁቡቲ ኣብ ኢደ-ኣዙር ፖሎቲካዊ፡ ቁጠባዊን ወትሃደራዉን ቃልስታቶም ክጸምድዎ ቡዙሕ እዮም ዝሰርሑ ምዕራባዊ ዓለም መከላኸሊ ድርዒ ስለዘለዎ ግን ኣድማዒ ኣይኮነን። ስርዓታት ሱዳን ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘለዎም ዉሽጣዊ ጸገማትን ናይ ግዳም ምትእትታዋትን ተጻናቢሩ ሰለስቲኦም ስርዓታት ኣብ ክንዲ ኣንጻር ባህርያዊ ጸገማት ንምምካት ዘለዎም ጸጋታት ዝጥቀሙሉ፡ ንፖሎቲካዊ ስልጣኖም ንምቅጻል ስለዝግልገሉሉ ናይ ሰለስቲኡ ሃገራት ህዝብታት ኣብ ትሕቲ ከቢድ ቁጠባዉን ማሕበራዉን ቁልዉላዋትን ዉሽጣዊ ሓድሕድ ምብላዕን ይነብር ኣሎ።

ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተፈጢሩ ዘሎ ሓድሽ ኩነታት እኳ እንተዘይተባህለ ሕኑን ፖሎቲካዊ ኩነታት ኣብ ሶማል ሓይሊ ጥምረት እስላማዊ ፍርዳዊ መጋባእያ ከም ሓይሊ ዝላዓለ ኢድ እንዳሓዘ ምምጽኡ እዩ። ኩሉ ከምዝፈልጠ ድሕሪ ምልካዊ ስርዓት ሰይድ ባሬ ኣብ ሶማል ምዉዳቁ ዳርጋ ህዝቢ ሶማል ሙእኩል መንግስትን ምርግጋእን ካብዘይጸንሖ ዛጊት 14 ዓመታት መመላእታ ገይሩ ኣሎ። ነዚ ኩነታት እዚ ኩዉን ንክኸዉን ዝጸልዉዎ መንግስታት ኣመሪካ፡ ኬንያ ን ኢትዮጵያን እየን። ሰለስቲኣን ሃገራት ድማ ቀጥታዊ ረብሓታት ኣብ ሶማል ስለዘለወን እዩ። እዘን ሰለስተ ሃገራት እዚኣተን ጹኑዕ ቃልኪዳን ኣብ ልዕሊ ሶማል ስለ ዘለወን ንጎይቶት ኩናትን መራሕቲ ቀቢላታት ክሕግዛን ክምዉላን ጸኒሔን እየን። እቲ ምወላ ክልተ ዕላማታት ነይርዎ ንሱ ድማ ሶማልያዊ ሃገራዉነት ምድኻምን ሓደ ሙእኩል ዝተራጋጋግኤ ምምሕዳር ከምዘይህሉ ንምግባር እዩ። ህዝቢ ሶማል ብገዛእቲ ሓይልታት ኣብ 4 ን ዉሽጣዊ ክልተ ማነት መሬት ፑንትተን (Puntland) ፡ ሶማል ተባሂሉ እኳ ዝተፋላለየ እንተኾነ ሓደ ሃይማኖት፡ ሓደ ቛንቛ፡ ሓደ ባህሊ፡ ሓደ ስነእእሙራዊ ተዘክሮ፡ ናይ ነዊሕ ዘመናት ቁጠባዊ ምትእስሳር ዘለዎ ኮይኑ፡ ገለ ወገናቱ ብገዛእቲ ንኬንያ ንኢትዮጵያ ተቆርሚሙ ከይዱ ከምዘሎ ዘተሓታትት ኣይኮነን። ሶማሊ ኢትዮጵያ ይኹን ሶማሊ ኬንያ ኣብ ክንዲ ኢትዮጵያዊ ወይ ኬንያዊ እየ ዝብል ስምዒታት፡ ኣነ ሶማሊ ኢትዮጵያ ወይ ሶማሊ ኬንያ እየ ዝብል ስምዒት እዩ ዘለዎ። እዚ ተርእዮታት እዚ ግን ኣብ ሶማል ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኩለን ብመግዝእቲ ዝተከለላ ሃገራት ዘሎ ተርእዮ እኮ እንተኾነ ህዝቢ ሶማል ግን ፍልይ ዘብሎ ካብ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ነቲ ናይ ተፈጥራዊ ብሔር ሮቃሒታት ዘማልኤ ብምኻኑን ምፍልላዩን እዩ።

እዚ ሕጂ ብወትሃደራዉን ፖሎቲካዉን ሓይሉ ጸብለል እንዳበለ ዝመጽእ ዘሎ ፖሎቲካዊ ጥምረት እስላማዊ ፍርዳዊ መጋባእያ፡ ካብ ሶማልያዊ ማሕበራዊ ጸጋታት፡ ሶማልያዊ ኩነታት፡ ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምነን ምርኩስ ዝገበረን፡ ነዚ ባይታታት እዚ ተጠቂሙ ስማልያዊ ሃገራዉነት ንምዕባይ ዝጽዕር ዘሎ እዩ። መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኢትዮጵያ ኬንያ ብቀቢላታት ብእንዳታት እኳ እንተመቃቀልዎ እቲ ንኹሎም ክጥርንፎም ዝኽእል ዝሓየለ መንፈሳዊ እምነት ስለዘሎ ነዚ ቀንዲ ቀላሲ መፍትሕ (master key) እዩ ተጠቂሙ። ከመይ ክኸይድ እዩ ንመጻኢ ምዕባሌ ዝምለስ እኮ እንተኮነ፡ ናይ ከባቢኡ ዓረብ ባን ጽልዋታትን ደገፍን ስለዘለዎ ብቀሊሉ ንምክምሁ ኣጸጋሚ ክኸዉን ከምዝኽእል ርድኡ እዩ። መንግስታት ኤርትራ ኢትዮጵያ ድማ ነዚ ኩነታት ንሓድሕድ ምድኻም ይጥቀማሉ ከምዘለዋ ርኡይን ፍሉጥን እዩ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ መንግስቲ ኬንያ መንግስቲ ኡጋንዳ ነቲ ሓይሊ ጥምረት እስላማዊ ፍርዳዊ መጋባእያ ንምዱርቃስ ዋላዉን ኣካላዊን ወትሃደራዉን ካብ ምትእትታው ድሕር ዝብላ ኣይመስላን፡ እንተ ኣትየን ድማ ልክዕ እዚ ኣብ ዒራቅ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ኣብ ሶማል ክጋሃድ

እዩ። ኣብ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድማ ፍጹም ዘይምርግጋእ ክፍጠር ምኽኑ ማ.ሰ.ሽ./ህ.ሰ.ግ.ኤ ተዓዚቡን ኣጽኒዑን። ገለ ሑሙማት እሞ መተካእትኡ እንታይ እዩ ዝብል ሕቶ ከልዕሉ ይኽእሉ እዮም። ጉዳይ ጉዳይ ሶማልያዉያን ስለዝኾነ መፍትሒኡ ኣብ ኢዶም ኣሎ ካብ ኢዶም ድማ ናይ ግዳም ሓይልታት ክምንዝዕዎም ይፍትኑ ከምዘለዉ ጥራይ ኢና ከነተንብህ ንኽእል።

<u>*ዋሕዚ ስደት ዜጋታት ካብ ኤርትራ ንወጻኢ ።*</u>

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ካብ ኩሉ ጉዳያት ዘሰቐርቐሮን ዘስደምሞን ጉዳይ እንተሃልዩ ዋሕዚ መንእሰያት ብፍላይ፡ ዋሕዚ ዜጋታት ብሓፈሻ ንስደት እዩ። ፍሉጥ እዩ ነዚ ዋሕዚ ስደት ዝኾነ መሰረታዊ ጠንቅታት ኣለዎ ንሱ ድማ።

1. ኣብ ሃገርና ኢሰብኣዊ ዝኾነ ጠቅለ-ምልካዊ ስርዓታ ምትካሉን፡ ወትሃደራዊ ዝኾነ ኣጋባብ ምምሕዳሩን፡ ፍጹም ግህሰት ዜጋዉን ሰባዉን መሰላት ብቀጻሊ ምዝዉታሩ እዩ።
2. ሃገርን ህዝብን ጁሄ (hostage) ናይቲ ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ስርዓትን ንሱ ዝኹስኹሶ ዘሎ፡ ሃለዋት ኣይኩናት ኣይሰላም ብምኻኑ መጽያዊ ዕድላቱ ጸልግልግ ስለዝበሎ፡ እስትንፋስ ናይ ናጽነት መጽያዊ ቡሩህ ተስፋ ከቢድ ዋጋ ከፊሉ ከናድያ ስለዝወሰነ።
3. ንመወዳእታ ዘይብሉ ሃገራዊ ኣገልግሎት ስለዝተፈርደ፡ ሽቅለተ-ኣልቦነት ስለዘዕለቅለቀ፡ ከም ሳዕቤኑ ህዝቢ ኤርትራ ንፍጹም ድኽነትን ብትከትን ስለዝተቃልዔ ዓቢ ይኹን ንእሽተይ ሰባይ ይኹን ሰበይቲ ጸባብ ዕድል እንተረኺቡ ዝፈትዋ ሃገሩን ዝፈትዎም ስድራቤቱን ማሓዙቱን ረጥሪጡ ንተስፋን ሙሉእ ዓወቱ ዘይራጋገጽ ስደት ክስደድ ይርኤ ኣሎ።
4. ቀጻሊ ኩናትን ወረ ኩናትን ምህላዉ እዩ።

ነዚ ሕጂ ንስደት ዝዉሕዝ ዘሎ ዜጋ ንክስደድ ዘተባብዕዎ ተወሰኽቲ ግዳማዊ ሮቛሒታት እዉን ኣለዉ ንሳቶም ድማ፡

1. ምትብባዓትን ምትሕግጋዛትን ኣብ ደገ ዝርከቡ ስድራቤታት። እዚ ዳርጋ ከም ፕሮጀክት ተታሒዙ ብኣባላት ስድርቤታት ኣብ ደገ ዝነብሩ፡ ምስ ኣብ ዉሽጥ ዘለዉ ብምትእስሳር ዝካየድ እዩ። ኣብ መስርሕ ነዚ ናይ ስደት ፕሮጀክትታት ምክያድ ፖሎቲካዉን ሃይሞኖታዉን ደማዉን ሽርሕታትን ቁጠባዊ ብልሽዉናታት ዘዕለቅለቐ እዩ፡ ነቲ ቅዲ እቲ ስርሒት ከዘንትዉልካ ከለዉ ዘደንጹ ጉዳይ እዉን እዩ።
2. ዝተሰዱ ሰባት ንኣብ ዉሽጥ ዘሎ ዜጋ ኣብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ ወይ ሊብያ እንከለዉ፡ ብኢመይልስ እንዳጽሓፉ ኣመሪካ ኣትየ ኤዉሮጳ ኣትየ እንዳበልካ ልቢ-ወለድ ታሪኽ ብምጽሓፍ ኣብ ቅንእን ዘየድሊ መደምደምታ ኣትዮም ከምዝስደዱ ምግባር።
3. ዝጻሓፍ ብተቃወምቲን ዉድባትን ተጣበቅቲ ሰብኣዊ ማሕበራት ብሃልቲ ንስደተኛታት ንሕግዝ ኣለና ኣብ ሊብያዶ፡ ኣብ ማልታ፡ ኣብ ሱዳን …….ወ.ዘ.ተ ዝብልን ጸብጻባት ኣሚኒስት ኢንተርናሽናልን ስተት ዲፓርትሜንት ኣመሪካ ብምንባብ ዓለም ብቀሊሉ ዉሽጣዊ ኩነታትና ተረዲኢዎ ስለ ዘሎ ዕቁባ ክቅበለና እዩ ብምባል መታባቢዒ ስለ ዝረኸቡ እዩ።
4. ብዓቢኡ ብዘይ መንግስታዉያን ማሕበራት ዓለምለኸን፡ ሚሶናዉያን፡ ናይ ስለላ መርበባት ናይ ግዳም መንግስታት ንህዝቢ ኤርትራ ንምድኻም ዓቅሚ ሰብኣዊ ጉልበቱ ጸንቂቃ ንደገ ከም ዝወጽእ ምግባር ዝብል ዕላማ ይሰራሓሉ ስለዘሎ ዝብል ግምታት እዉን ኣለና።

ዛጊት ካብ 1999-2006 ዓ.ም.ፈ ንኢትዮጵያ ኣስታት 17000 ዜጋታት ካብ'ዚ ብዝሒ እዚ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ሽም ኣልባ ኣስታት 250 ሰባት ኣመንት ጴንጠ-ቖስጠ ክሪስትያን እዮም፡ ንሱዳን ኣስታት 65000 ሰባት ብኣየርፖርት ኣስመራ ብትምህርቲ፡ ብስራሕ፡ ብሕክምና፡ ብምጻሕ-ስድራቤት፡ ብምጥርናፍ-ስድራቤት፡ ብስፖርትን ኣትለቲክን ካልኦት ዘይተጣሕመሱን መገድታት ብሕጋዊ ናይ መዉጽኢ ቪዛ ወጽዮም ዘይተመልሱ 12543 ዜጋታት እዮም። ልዕሊ ኹሉ ዘሕዝን ጉዳይ እንትሃልዩ ትሕቲ ዕድመ ማለት ካብ 13-16 ዝዕድሚኦም ኣስታት 27 ህጻናት ኣብ ትሕቲ UNHCR ሱዳን ዝእለዩ ኣለዉ።

ህ.ሰ.ግ.ኤ ብተዳጋጋሚ ነዚ ጃምላዊ ስደት ዜጋታት ክቃዎሞን መብረሂታትን ምኽርታትን ክልግስ ጸኒሑ እዩ። ኣንካይ ዶ ንምኽርታትና ንምኽርታት ስድራቤታቶም እዉን ክሰምዑ ዝደልዩ ኣይመስሉን። እዚ ሓደገይና መገዲ ሱዳን ሊብያ ድሕሪኡ ዓዲጥልያን ምስቲ ብተዳጋጋሚ ዘጋጠመ ሓደጋታት ምጥሓል ጃልባታት ስድራቤታት ዝስደዱ ዳርጋ ኣይድግፉዎን እዮም፡ እቶም ዝስደዱ ዘለዉ ግን ኩንትራት ረኺበ ኣለኹ ማህደረ-ትምህርት ረኺበ ኣለኹ እንዳበሉ ንስድራቤታት ብምድንጋር ገንዘብ ከምዝሰድሎም ድሕሪ ምግባር በቲ ዝተሰደሎም ገንዘብ ነዚ ሓደገይና መንገዲ ይወስዱ ኣለዉ። ሎሚ ምሸት ካብ ማርሳታት ሊብያ ስደተኛታ ሒዛ ዝተበገሰት ጃልባ ጠሊቃ ምህላዋ እንዳፈለጡ ከንሶም ንሳሉስቱ ይብገሱ። ገሊኦም ህጻዉንቲ ደቆም ሓዲጎም ገሊኦም ሰብኣያ ወይ ሰበይቱ ሓዲጉ ወይ ሓዲጋ ክሰግሩ ይህቅኑ።

ኣብ ኤዉሮጳ እንታይ ስለዘሎን እንታይ ክረኽቡ ኢሎም ነዚ ሓደገይኛን በታኺ ዉሳኔ ይወስድ ንምልላዩን ምፍላጡን ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኢዩ። ነዚ ጉዕዘታት እዚ ንምስልሳል ገሊኦም ኣስታት ካብ 3000-10000 ዶላር ወጻኢ ይግበረሉ። እዚ ፋይናንሳዊ ወጻኢታት + 80% ሂወትካ ኣብ ማእከል ምድረበዳ ወይ ማእከላይ ባሕሪ ጠሊቕካ ምማት =2 ሞት። እንተተዓዊትካ ድማ ዓዲ ጥልያን ወይ ድማ መዓስከር ሽም-ኣልባ ኢትዮጵያ ምእታው እዩ እዚ ድማ ዉሕስነት ሂወትን ዉሕስነት መጻኢ ቡሩህ ዕድላት ዘይብሉ እዩ። ሎሚ ኣብ ዓለም ፖሊቲካዊ ዕቑባ ምሕታትን፡ ተቀባልነት ምርካብን ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። ንሱዳን፡ ንኢትዮጵያ፡ ንኬንያ፡ ንሊብያ፡ ንማልታ፡ ንጥልያን ተሰዲድካ ዝርከብ ነገር የሎን እንትርፎ ሓሰረ መከራን ናይ ገንዘብ፡ ንያት፡ ሂወትን ግዝየን ክሳራ። ብዓቢኡ ግን ናብዚ ቦታታት እዚ ንምብጻሕ ተጥፍኦ ገንዘብ፡ ጉልበት ልዕሊ ኹሉ ድማ ብሂወትካ ምጥላዕ ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ነዚ ከም ኣማራጺ ኣብ ክንዲ ምዉሳድ፡ ኣብ ዉሽጥ ሃገሩ ህዝቡን ኮይኑ፡ ነቲ ጠንቂ ዝኾነ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንምቅያር ክዉደብን ክቃለስን ይግባእ። ብዕለት 29/05/2006 ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ሓደጋ ምግጫዉ ዝጓዓዙላ ዝነበሩ ጃልባ ዘስዓቦ 13-15 ኤርትራዉያን ክብርቲ ሂወቶም ከምዝሳኣኑንን ሬሳታቶም ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ህዝቢ ኣስመራ ርኢዋም እዩ። ድሕሪ እዚ ተረኽቦታት እዚ'ዉን ቀጺሉ ኣርባዕተ ጊዝየት ምጥላቅን ጃምላዊ ሞት ኣጋጢሙ ኣሎ። ወዮ እዚኦም ዕድለኛታት ኮይኖም ኣብ መሬት ዓዲ ኣቡኦም ተቀቢሮም እንበር፡ ክንደይ ኣለዉ ኣብ ሳሃራታትን ጣሻታትን ቀላያትድራር ኣሞራ፡ ዝብኢን ዓሳታትን ኮይኖም ዝተረፉ። ክንደይ ደቂ ኣንስትዮ ብሓይሊን ኢሰብኣዊ ኣጋባብ ዝዕመጻ፡ ክንደይ መንእሰይ እዩም ገንዘቦም ዝተዘረፉ። ቡዙሓት ተንኮለኛታት ኣለዉ ነቲ ኣብ ዉሽጥ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ማሕበራዊን ፖቲካዊ ሰዉራ ንኤርትራ ብዓቅሚ ሰብኣዊ ጉልበት ብዓቀንን ዓይነትን ከዘኽትምዎ፡ ካብ ሃገር ንደገ ምስዳድ ኣማራጺ ዘይቡሉን ጽቡቁን ምኻኑ ዝጋሳጎሱን ህዝቢ ዘዳናጉሩን፡ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ክነቅሓሉን ነቲ ገጢምዎ ዘሎ ጸገማት ንምፍትሑ ኣብ ዉሽጢ ጥራይ ኮይኑ ምስ ዝቃለስ ጥራይ እዩ፡ እቲ መሰረታዊ መፍቲሕኡ ከምጽኦ ዝኽእል። ካብ ኣብ ሱዳን ኬድካ እንዳሻሂታት ቀንፈዞዉ ክትብል ምዉዓል፡ ካብ ኣብ ኢትዮጵያ ኬድካ ናይ ጸብሪ ሕጡብ ክትሰርሕ ምዉዓል፡ ካብ ንዓዲጥልያን ኬድካ ኣብ ማርቻቤዲ (ደንደስ ኣጋር ጽርግያ) ምድቃስን ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት ምቅላብ ብዓሰርተ ዕጽፌ ይሓይሽ፡ ኣብ ዉሽጢ ሃገርካ ኼንካ ነቲ ፈጣሪ ጸገም ኮይኑ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክትኣሊ ምቅላስን፡ ብጅግንነት ምሕላፍን። ዘዉትር ንሰምዖ ኢና መብዛሕትኦም ተቃወምቲ ኢና ብሃልቲ ሰባት ከም ደንገጽትን ተሓጋገዝትን ብዛዕባስደተኛታት ክዛረቡ ከምዝዉዕሉ። ስደተኛ ገለ ሰነዳት ክሓቶም ምስከደ ግን ካብዘይብሉ መሳለጥያ ገንዘብ ይሓትዎን ልዕሊኡ ዉን ኣባል ክኸዉን ይደፋፍእዎን የገድድዎን እዮም።

ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ነፍሲ ወከፍ ወለዶ ክስከሞ ዝግባእ ሃገራዉን ሞራላዉን ሓላፍነት ኣለዎ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እዚ ናይሕጂ ወለዶ ክስከሞን ክዓሞን ዝግብኦ ጉቡኣት ክስከም ኣለዎ። ኣብ ኤርትራ ዝጣዓሞ ወለዶ ከም ታሪኽ ኣይነበረን፡ ታሪኽና ታርኽ ወራር መግዛእትን ጸቅጢ ኢዩ ነይሩ፡ ከምኡ ስለዝኾነ እዩ ድማ እቲ ኣቀዲሙ ዝነበረ ወለዶ ንሳላሳ ዓመታት መመላእታ ብረታዉን ፖሎቲካዉን ቃልስታት ኣሳላሲሉ። እዚ ሕጂ ዘሎ ሓድሽ ወለዶ ድማ ንደቁን ደቂ ደቁን ማሕበራዊ ፍትሒ ዝነገሳ ኤርትራ ንምህናጽ ክቃለስ ጉቡኡ እዩ። ነዚ ንምዕማም ጉቡእ ሓላፍነት ክወስድ ኣለዎ። ካብ ሰማይ ከም ማና ንመሬት ዝወርእድ ሓርነት፡ ማሕበራዊ ጸጋታት፡ ሰላምን ራህዋን የሎን። ገና ብሕጂ ብዉሕዱ

ሓሙሽተ ወሎዶታት ኣብ ቀጻሊ ተራጻሚ ማሕበራዊ ፖሎካዊ መስርሕ ሰዉራ ኪደት ክሽይድ ሙኻኑ እዉን ኣቀዲሙ ክፈልጥ ኣለዎ። ሕቶ ስደት ሕቶ ኤርትራ ጥራይ ኣይኮነን፡ ሕቶ ስደት ሕቶ ምልካዊ ስርዓት ወይ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምህላው ጥራይ ኣይኮነን። እዚ ንኤርትራዉያን ዘጋጥም ዘሎ ዳርጋ ንብዙሓት ኣህዛብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝጋጥም ዘሎ ተርእዮ እዩ። እቲ ጥዑይ ምሕደራ ምትእትታዉ መታባባዒ ንኣብ ሃገርካ ክትነብር ክኽዉን ይኽእል እዩ። ክሳብ ድኽነት ካብ ሱሩ ተሓግሒጉ ዘይጠፍኤ ግን መጠን ዝስደድ ክዉሕድ ክበዝሕ እንበር ብመሰረቱ ከቋርጽ ከምዘይምኻኑ ፍሉጥ እዩ። ንድኽነት ንምጥፋእን ጥዑይ ምሕደራ ንምትካልን ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽን ድማ ኣመሪካዉያን፡ ኤዉሮጳዉያን፡ መናፍቃን ሃይማኖት፡ ኢትዮጵያ ወይ ሱዳን ኣብ ኤርትራ መጽየን ዝሰርሑልና ኣይኮኑን። ዜጋ ማዓንጣኡ ሸጥ ኣቢሉ ርእሰ-መስዋእቲ ክሽፍል ድሉው ክኸዉን ኣለዎ።
ጉዳይ ንምጥቅላሉ ብዘይካ እቲ ብኣባላት ስለያ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝህደንን ሂወቱ ኣብ ሓደጋ ትርከብ ዜጋ፡ ካልእ ዜጋ ብዓቢ ሓቦን ንያትን ኣብ ዉሽጢ ሃገሩ ትዕግስቲ ገይሩ ክቃለስ ንጽዉዕ።

## <u>ኩነታት ዶብን ልዕላዉነት ኤርትራ።</u>

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ፖሎቲካዊ ቁጠባዉን ዶባዉን ምስሕሓባት ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ሌ ነባሪ መዕልቦ ክግበረሉ ከምዝግባእ ይግምግም። ንዓና ህ.ሰ.ግ.ሌ ሉዕላዉነት መሬትናን ህዝብናን ሰንኪሉ ስለዘሎን፡ ልዕላዉነት መሬትና ድማ ብቀጥታ ምስቲ ነካይዶ ምህናጽ ሃገር፡ ሃገራዉነትን ኤርትራዊ መንነት ስለዝኾነ ኣዝዩ ዓቢ ኣቃልቦ ኢና ንህቦ። ሉዕላዉነት ዝላዓለ ጥርዚ ማእከላይ ስልጣን ኣብ ማእከል ሕብረታሰብ ሃገር ሃገራት ካብ ምኻኑ ዝነቀለ ህ.ሰ.ግ.ሌ ነዚ ሕቶ ዚ ልዕሊ ፖሎቲካዊን ዉድባዉን ረብሓታቱን ግምታቱን ይሰርዖ። ልዕላዉነት መሬት ምስ ዘሎ ወይ ክህሉ ዝኽእል ዓይነታት ፖሎቲካዊ መንግስቲ ዝግለጽ ኩዉንነት ኣይኮነን። ንመረዳእታ ኣብ ሶማል ማእከላይ መንግስቲ ስለዘየለ ሶማል ልዕላዊት ሃገር ኣይኮነትን ማለት ኣይኮነን፡ ወይ ኣብ ኤርትራ ጥምረ-ምልኪ ስርዓት ስለዘሎን ዘይዲሞክራስያዊ ፖሎቲካዊ ስርዓት ስለዝኾነ ልዕላዉነት ኤርትራ ክድፈር ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ክበቅዕ ኣለዎ ንመንግስት ኤርትራ፡ ንኤርትራዊ ሃገርነትን ልዕላዉነት ኤርትራ ብጥምረትን ብምፍልላይን ዘለዎ ምትእስሳራት ነጺሩ ከለልዮ። ልዕላዉነት ሃገር ብቅርጹን ትሕዝትኡን ካብ ዘቤታዊ ስልጣን ዝያዳ ዓለምለኻዊ ስልጣን እዩ ዝዉንን። ልዕላዉነት ሃገር ኣዝየን ዱኹማት ወይ ድኻታት ሃገራትን ኣህዛብን ካብ ኣዝየን ሓያላት ሃገራትን ሃብታማት ኣህዛብን ንነብሰን መሬተን ህዝበን ዝካለኸላሉ ዓለምለኻዊ መዓርግ ብምኻኑ፡ ናይ ልዕላዉነቱ ተፈላጥነት ኢዩ ንሓደ ሃገር ልዕላዊ መዓርግን ክብርን ዘልብሶ።
ብ1960 ዓ.ም.ፈ ብዉሳኔ ዓንቀጽ 1514 ዝፍለጥ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ መግዛእታዊ ዶባት ሃገራት ኣፍሪቃ ብመሰረት ገዛእቲ ኤዉሮጳዉያን ዝሸለልዎ ኣካላዉን ክትያዉን ብልሓታት ከምዝነበሮ ክቅጽልን ከም ልዑላዊ ክፍለጥ ብዓለምለኻዊ ደርጃ ጸዲቁ ተኣዉጁ። ኣብዚ ግዝያትን ዉሳኔን እየን ድማ፡ እተን ብዘገምታዊ ምዕባሌ ሕብረተሰብ ንብሔራዊ ሃገር (nation or historical states) ደረጃ ዝበጽሓን፡ እተን ኣብ ኣፍሪቃን ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ብገዛእቲ ዝቖማ ሃገራዊ መንግስታት (national state): ብማዕረ ከም ናጻን ልዕላዉያን መንግስታትን ሃገራትን ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ዓለም ክኾና ዝበቅዓ ። በዚ ኣቀዲምና ብእብረ ዝጣሕመስናዮ ምክንያታት ህ.ሰ.ግ..ሌ ንሕቶ ልዕላዉነት ቀዳማይ ወይ ካልኣይ ኢልና ብዋጋ ዕዳጋ ንጥምቶ ጉዳይ ኣይኮነን። ንልዕላዉነት ሓንቲ ሃገር ህዝቢ እታ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ፡ መላእ ሃገራትን ኣህዛብን ዓለምና ክሕሎን ክኽብርን ክካናኽንዎ ዘለዎ ጉዳይ እዩ።
ገለ ገለ ፈሊጣን ኢና ብሃልት መናፍቓን ንሕቶ ልዕላዉነት ኣልዒልካ ክትሙጉት እንኮለኻ፡ ከም መሳሪሒ ፖሮፖጋንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ምኻንካ ወሲዶም ክጥቁኑ ዝዉዕሉን ዝሓድሩን፡ ናይ ፖሎቲካዊ ፍልጠትን መንነታዊ ቅልዉላዋት ዘለዎም ዉሑዳት ኣይኮኑን። ልዕላዉነት ኤርትራ ልዕሊኦምን ልዕሊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ምኻኑ ገሊጽና ክንሓልፎ ንደሊ።
ህ.ሰ.ግ.ሌ ኣብ ሕቶ ልዕላዉነትን ናይ ዶብ ሕቶን በብመድረኹ ንጹር መርገጺታት እንዳወሰድ ክመጽእ ጸኒሑ እዩ።

1. ኣብ መጀመርታ ቀዳማይ መስራቲ ጉባኤኡ ብዕለት 26/12/1999 ዓ.ም.ፈ እዚ ክስተታት ዶባዊ ግርጭታት መንቀሊኡ ናይ ዶብ ሕቶ እኳ እንተዘይኮነ፡ ንኢትዮጵያን ኤርትራን ዝፈላሊ ዶብ ኣብ መንጎ መለሊክን ጥልያንን ብመልክዕ ምክታይ (Delimitation) ብልሓት ዝተፈልየ ብምኻኑ ነባሪ ሰላም ንምርግጋጽ ክምልከት ኣለዎ (Demarcate) ዝብል መርገጺ ኢና ወሲድና። ኣብ ኣፋታትሕኡ ድማ ብሰላማዊ መገዲ ኮይኑ፡ ኣብ ክንዲ ብመሬት ጥራይ ምዝራብ ነቶም ኣብቲ ዘሳሓሕብ ቦታ ዝነብሩ ህዝቢ ምዉካስን ኣካላት ናይቲ ሰላማዊ ፍታሕ ንክኾኑ ተሳትፍኦም ምርግጋጽን ንኦኦም ኣብ ግምት ዘእተወ ኽኸዉን ኣለዎ ዝብል ሃናጺን ለባምን ርእይቶ እዩ ነይሩና።
2. ክልቲኡ መንግስታት ኣድማሳዊ ተቀባልነትን ስልጣንን ስለዘለዎም ብዘይ ገለ ምዉካስ ንህዝብታቶም፡ ኣብ ኣልጀርስ 2000 ዓ.ም.ፍ ንይግባይ ዘይቡሉ ዓለምለኻዊ ፍርዲ ክኽዱ ተሳማሚያም፡ ብሕርያ ክልቲኡ መንግስታት ኮምሽን ዶብ ቆይሙ፡ እታ ኮምሽን ድማ ብዕለት 13 ሚያዝያ 2002 ብመልክዕ ምኽታይ ፈሪድዎ። ህ.ሰ.ግ.ኤ ነቲ ፍርዲ ተዓዚብዋ፡ እቲ ፍርዲ እዉን ሓያሎ መሬት ኤርትራ ንኢትዮጵያ ዝሃበ ብምንባሩ ዘይፍትሓዊ ኢልናዮ የግዳስ ብማሕበረሰብ ዓለም ዝተወሰነ ነባሪ ሰላም ከምጽእ ይኽእል እዩ ካብ ዝብል ግምታት፡ ከም ናይ መጨርስታን ወሳኒን ፍርዲ ተቀቢልናዮ። ቀጺሉ ስርዓት ወያኔ ኣብ ሳልሳይ ርብዒ ዓመት 2004 ዓ. ም.ፈ. ንእንካን ሃባን ዘሳስን 5 ነጥብታት ናይ ሰላም እማሜ ምስ ኣወጀ፡ ገለ ተቃወምቲ ፖሎቲካዉያን ዉድባት ኤርትራ እማሜ ወያኔ ክደግሙ ኣብ ዝሰማዕናሉ እዋን እዉን ዛጊት መርገጺና ኣብ ናይ መጨረስታ ክትግበር ዘለዎ ዉሳኔ (Final and binding) ምኻኑ ረጊጽና ክሳብ ሕጂ ክንቃለስ ጸኒሕና።

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ምስ እዚ ሓዲሽ ኩነታት ተፈጢሩ ዘሎ ጂኦ-ፖሎቲካዊ ኩነታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቅ፡ ፔርሽያን ላቲን ኣመሪካን ፡ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኤዉሮጳን ብኣንጻሩን ብምግንዛብ ኣቃልቦን ትግባሬ ናይ ዶብ ሕቶ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ነባሪ መዕልቦ ዘይተገብረሉ ግርጭት ኣዝዩ ቱሑት ግምታትን መዓቀኒታት ከምተዋህቦን ማሕበረ ሰብ ዓለም ጠመትኡ ኣብ ካልእ ተጸሚዱ ከምዘሎ ተዓዚብና። ዋላ እኳ ባይቶ ጸጥታ ነቲ ናይ ማሕበር ሃገራት ዓለም ናይ ሓለዋ ጸጥታ ሰራዊት ሕጂ'ዉን ህላዌኡ ብመንፈቅ ንክቅጽል እንተወሰነ ኣብ ነባሪ ምዕልቦ ንምፍጣር ዘለዎ ተበግሶን ስልጣኑን ኣዝዩ ሉኡም እዩ።

ክልቲኣን ሃገራት ጉዳያተን ክፈትሓ ድሉዋት ምስ ዘይኮና እዉን ማሕበር ሕቡራት ሃገራት ብሓይሊ ከተግብሮ መዝነትን ስልጣንን የብሉን። ምክንያቱ ክልቲኣን ከም ልዕላዉያን ሃገራት ጉዳያተ ክፈትሓ ባህርያዊ መሰላት ስለዘለወን እዩ። ፍሉጥ እዩ ንስርዓት ወያኔ ዝመኽርዎን ዘታባብዕዎን ሓይልታት ምስ ረብሓታቶም ብምትእስሳር ከምዘለዉ እዚ ዘሻደኖ ስርዓት ዉሕዳት ድማ ነቲ ኣቀዲሙ ኣብ ቅድሚ መሳኻኽር ዝፈረመሉ ዉዕል ብምጥሓስ ካልእ ዉዕላት ከታኣታቱ ምህቃን ዘገርም ጉዳይ ኣይኮነን።፡ ነዚ ኩነታት እዚ ንምቅያሩ ፍልጠትን ዉሕልነትን ዝመልአ ኣድማዒ ስትራተጂ የድሊ ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ይኹን ኣብ ኤርትራ ፖሎቲካዉን ቁጠባዉን ማሕበራዉን ርግኣታት የሎን፡ ክልቲኡ ስርዓታት ድማ ኣብ ሰላም ክነብሩ ዝኹሉ ስለዘይኮኑ ነቲ ኣይኩናት ኣይሰላም ኩነታት ከም መቋጻጸሪ ህዝቦም ገይሮም ይጥቀሙሉ ኣለዉ።

ሓደ ካብ ክልቲኦም ካብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ተኣልዩ እዉን እቲ ኩነታት ብቀሊሉ ዝፍታሕ ኣይኮነን፡ ክሳብ ኢትዮጵያዉያን ፖሎቲከኛታት ብሙሉኦም ልዕላዉነት ኤርትራ ዘይተቀበሉን ኣብ ሽርክነታዉን ማዕርነታዉን ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ን ጸጥታዊ ስትራተጂ ከም ሓሳብን ግብሪን ዘይዓየዩ። ጸገማት ዘዉትር ክህሉ ምኻኑ ርድእ እዩ። ከምቲ ዝምሰል ኣብ ጥቃ ጭዓ-ጎናኞ ትነብር ቆልቃል'ሲ ዘዉትር እንዳነብዓኤት ትነብር ዝብሃል ካይገጥም ሓንሳብ ንሓዋርን ፍታሕ መሰረታዊ ፍታሕ ንምትቕትታዉ የድሊ ኣሎ።

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ንዘቤታዊ ጉዳያቱን ሓልፍነቱን ፈሊጡ ሓድሽ እማሜ ስራሕ የወፊ ኣሎ። እዚ እማሜ እዚ እንተተሰሪሕሉ መገዲ ሰላማዊ ፍታሕ ማእከላይ ስሕበት ክኸዉን ይኽእል እዩ ዝብል ግምታትን እምነታትን ኣለና። ናይ ፍታሕ ሓዲሽ ሓሳብና ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ነዚ እማሜ ስራሕ'ዚ ንምሕላን ኣቀዲምና ዝጠመትናዮም ጉዳያት ኣለዉ ንሳቶም ድማ፡

1. እቲ ሕጊ ኣብ ጎድኒ መን ኣሎ?
2. እቲ ዲፕሎማስያዊ ደገፌት ኣብ ጎድኒ መን ኣሎ?

3. እቲ ዘሳሓሕብ ዘሎ ዓድታት መን መን እየን?
4. ኤርትራዊያን ወይ ኢትዮጵያዊያን ኢና ዝብል ስምዒታት ዶ ህዝቢ እተን ኣሳሓሓብቲ ዓድታት ይዉንን?
5. እንታይ ህዝባዉን ባህርያዉን ጸጋታት ኣለወን?
6. ታሪኻዊ ምትእስሳረን ምስ ህዝብታት ኤርትራ ኢትዮጵያ ከመይ ይመስል?
7. ኣብተን ኣሳሓሓብቲ ዓድታት መንግስቲ ኤርትራ ወይ ኢትዮጵያ ሓድሽ ሰፈራ ህዝቢ፡ መንግስታዉን ቁጠባዉን ትሕተ-ቅርጻ ኣካይዱ ዶ ኣየካየደን?
8. እቶም ኣቀዲሞም ነበርቲ እዚ ዓድታት ሕጂ ኣበይ ኣለዉ?
9. ኣብቲ ከባቢ እንታይ ዓይነት ፖሎቲካዉ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ን ባህላዉን ሽርሕታት ይካየድ ኣሎ?
10. ነበርቲ ህዝብታት እዚ ኣሳሓሓቢ ዓድታት ድሌታቱን ባህግታቱን ብመንግስት ኤርትራ ወይ ኢትዮጵያ ተሓቲቱ ዶ ይፈልጥን ነቲ ግርጭታት ምስሕሓብ ዶብ ኣብ ምፍትሑ እንታይ ተሳትፍነትን ብቅዓታትን ኣለዎ?
11. ነዚ ኣብዘን ኣሳሓሓብቲ ዓድታት ዝነብር ህዝቢ ከመይ ጌርካ ከም ህዝቢ ንመንነቱን ባህግታቱን ባዕሉ ደው ክብለሉ ተሕይሎ? ነዚ ኣቀዲሙ ዝተዘርዘረን ካልእ ዘይተገልጸ ሕቶታት ኣልዒልና ብዝርዝር ምስ ዘተና ኢና ነቲ እማሜ ኣሚምናዮ።

ነቲ ገጢሙ ዘሎ ክስተታት ግርጭት ንምፍትሑ ብንጽል ወይ ኤርትራዉያን በይንና ዘይክኣል እኮ እንተኾነ፡ ብወገና ኤርትራዉያን ነባሪ ፍታሕ ንምምጻ ሃናጺ ዝኾነ ኣበርክቶን ንሒን ክህልወና ኣገዳሲ እዩ። እማሜና፡-

1. ዛጊት መንግስት ኤርትራ ነዚ ናይ ዶብ ሕቶ ንበይኑን፡ ብዉሑዳት ናይ ቢሮክራስይ ኣባላቱን እዩ ሒዝዎ ዘሎ። ናይ ልዕላዉነት ሕቶ ሕቶ መሬትን ሕቶ ኣብቲ መሬት ዝነብሩ ህዝቢ ብምኻኑ ንኣታሓሕዝኡን ኣፋታትሕኡን ኣዋሳስንኡን ብቀጥታ ነቲ ኣብቲ ኣሳሓሓቢ ዓድታት ዝነብር ህዝቢ ኣብ ኩሉ እንትንኡ ስለዝምልከት ስለዝትንክፍን ናብቲ ህዝቢ ክወርድን፡ እቲ ህዝቢ ክዝትየሉን ዉሳኔኡ ከስማዓሉን ኣለዎ።
2. ነቲ ኣብቲ ኣሳሓሓብን ኅዶቡኡን ዘለዋ ዓድታትን ህዝብታትን ኣብ መንነታዊ ዉሳኒኡ፡ ኣብ መሬታዊ ዋንነት ዉሳኒኡ፡ ኣብ ፖሎቲካዉ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊን ባህላዉን ጸጋታቱን ፉሉይ ኣቓልቦ ተዋሂብዎ ንምሕያሉ ጻዕርታት ምክያድ።
3. ንኣፋትትሓ እዚ ናይ ዶብ ምስሕሓባትን ፖሎቲካዊ ግርጭታት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራትን መንግስታትን ዘሎ ኣብ ክንዲ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ደረጃ ምሓዙ፡ ምስቲ ዘሎ ጂኦ-ፖሎቲካዊ ምቅይያራት ዞናና ብተዛማዲን ተዓጻጻፍነት ምሓዙን ኣድማዒ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ምክያድ።
4. ኣህዛብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ናይ ነዊሕ ዘመናት ቀጥታዉን ተዛዋዋሪ ታሪኽ፡ ዝምድና፡ ጉርብትና፡ ሓባራዊ ረብሓታ ስለዘለዎን፡ ብሕጂ'ዉን ንዘላኣለም ክህሉዎ ብምኻኖም ኣብ ግምት ብምእታዉ እቲ ሕጂ ተፈጢሩ ዘሎ ብስርዓታት ክልቲኡ ሃገራት ነፋግ ዝምድናታት ብዉሽጣዊ ድፍኢታት ክልቲኡ ህዝብታት ዝመሓየሽሉን ዝዕረቀሉን ባይታታት ንምፍጣር፡ ካብ ክልቲኡ ኣህዛብ ናጻ ናይ ህዝቢ ዕርቃዊ መጋባእያታት ከምዝጠርያን ከምዘንህያን ምቅላስ።
5. ናይ ዶብ ምስሕሓባት ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ሰለስተ ሃገራት ኣብ ዓለምና መሊኡ እዩ ዘሎ፡ ኣብ ኣፋታትሓኡ እዉን ኣብ ዝተፋላለዩ ሃገራት ዝተፋላለየ ሕዋም (Formula) እዩ ዘለዎ። ገሊኡ ንምፍትሑ ኣዝዩ ነዊሕ ዓመታት እዩ ዝወስድ፡ ገሊኡ ድማ ብሰናይ ድሌት እተን ተጋራጨዉት ሃገራትን ሰናይ መንጎኛን ቀልጢፉ ይፍታሕ። እቲ ተሞክሮታት ዓለምና ከምዚ ካብ ኮነን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብናይ ሓባር ኮምሽን ብመልክዕ ምኽታይ ኣብ ጂኦ-ፖሎቲካዊ ካርታ ስለትሓንጸጸ፡ ማሕበረሰብ ዓለም መጺኹም ዓንድታት እንተዘይተኺልኩምለይ ርእሰ-ቅትለት ክፍጽም ኢየ ተባሂሉ ካብ ዉሽጣዊ ምዕብልናታት ክትኸዶ ዝግባኣካ ንከይትኸዶ ጂሄ ዘትሕዝ ዋላ ሓንቲ ምክንያታት ስለዘይብሉ። መንግስት ኤርትራ ንምምስራሕ ቅዋም፡ ዲሞክራሲ፡ ምህናጽ ሃገርን ሃገራዉነት ብዘ ገለ ምክንያት ክኣቱ ኣለዎ። ሓደ ዉሽጣዊ ሕጊ ዘይዉንን ስርዓት ሕጊ ክሓትት ኣይክእልን እዩ።ዉሽጣዊ ግዝኣተ

ሕጊ ምርግጋጽ፡ ጥዑይ ምሕደራ ምትእትታው ከም ሳዕቤኑ ዝፈጥሮ ዘቤታዉን ዓለምለኻዉን ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ባህላዊ ዲፕሎማስያዊ ምዕብልናታትን ረብሓታትን ብርግጽ ስለዘሎ ነዚ ናይ ፖሎቲካዉን ዶባዉን ግርጭታት'ውን ኣብ ምፍትሑ ዓቢ ጽልዋን ግደን ክህልዎ እዩ። ብዓቢኡ ግን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ከትርር ስለዝኾነ ናይ ግድን ክኸየድ ዝግብኦ ጉዳይ እዩ።

6. ክልቲኡ መንግስታት ኣብ ብልሓት ኣፋታትሓ ዶብ ክሳማማዕ ከምዘይክእል እንተተሳማሚዑ፡ ንጊዚኡ ነዚ ሕቶ እዚ ኣብ መስርሕ ኪደት ዝርከብን ንኡኡ ዘይዝረበሉ (taboo) ተወሲዱ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓታት ዘራጋግጹ ሕቶታት ከፊላዊ ወይ ሙሉእ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታ ናይ ሓባር ስርሓት ዘዝእቱ፡ ነቲ ኣብ ኣፋትትሓ ናይ ዶብ ሕቶ ዘለዎ ፍልልያት ምስ ጸበበን ብኣዉንታ እዉን ክጽሎ ምስተኻእለ ነይሩ ንብል።

ማ.ሰ.ሽ/ህ.ሰ.ግ.ኤ ኣኼቡኡ ነዚ እማሜ እዚ ብምርቃቅ ይዛዝም። ኣብ መጨረሽታ ድማ ንህዝብና ክንሕብሮ ንደሊ ጉዳይ እንተ ሃሊዩ፡ ኣኼባና ብዝርዝር ልዕሊ እዚ ተጻሒፉ ዘሎ ዝዘተየ እኳ እንተኾነ ሓሳባትናን ትንተናታትናን ንቅሎታትናን መርገጺታትናን መንቀሊታትናን መወከስታትናን ህዝብና ክፈልጦ መሰሉ ስለዝኮነ፡ ኣብ ክንዲ ብሕጽር ዝበለ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ ኣብዚ ጉዳይ ተዛሪብና ኢልካ ፖሎቲካዊ መግለጺ ምጽሓፍ ኩርንዓት ኣማላኻኸታና ህዝብና መታን ብጉቡእ ክፈልጦ ዝርዝራዊ መግለጺ ክንገብሮ ተገዲድና ከምዘለና ብትሕትና ንሕብር።

ዓወት ንዲሞክራስያዉን ሃገራዉን ቃልስታት ህዝቢ ኤርትራ!
ዓወት ንዲሞክራስያዊያንን ሃገራዉያን ፖሎቲካዉያን ባእታታቱ!
ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዋኣታትና!
ኣብ ንኣምነሉ ዕላማ ዓወት ወይ ሞት!
ዓወት ንሓፋሽ!
ማእከላይ ሰዉራዊ ሽማግሌ ህዝባዊ ሰዉራዊ ግንባር ኤርትራ።
ኤርትራ, 30 መስከረም 2006 ዓ.ም.ፈ.